# ትግርኛ

## መፅሓፍ ተምሃራይ
## 2ይ ክፍሊ


**ጉጅለ መዳለውቲ**

ኣሰፋ በላይ

ሰንበቱ ገ/ትንሳኤ

ምፅላል ክሕሸን

ሙሉ ሃ/ስላሰ

**ምርግጋፅ ፅርየት**

መኮንን መሓመድ

**መተሓባበሪ**

ኣሰፋ በላይ



ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ
ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ

እዚ መፅሓፍ ብዓለም ለኸ ትካል ልምዓት ኣሜሪካ (United States Agency for International Development (USAID) ኣቢሉ ካብ ህዝቢ ኣሜሪካ ብዝተረኸበ ገንዘባውን ቴክኒካውን ሓገዝ፣ ብሚኒስቴር ትምህርቲ፣ ብቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይን ፕሮጀክት READ TAን ተዳሊዉ። ወፃኢ ሕትመት ድማ ብፕሮግራም ምርግጋፅ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ 2 (General Education Quality Improvement Program (GEQIOP II) ተሸፊኑ።

ሕጋዊ በዓል መሰል ቅዳሕ እዚ መፅሓፍ © 2006 ዓ.ም ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዲሪኢን ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይን እዮም።

ISBN: 978-99944-2-311-8

# ሰደቓ ትሕዝቶ

## 1ይ መንፈቕ ዓመት


| አርእስቲ | | ገፅ |
|---|---|---|
| ሰሙን 1 | ------------------------------------------------------------ | 1 |
| ሰሙን 2 | ------------------------------------------------------------ | 6 |
| ሰሙን 3 | ------------------------------------------------------------ | 11 |
| ሰሙን 4 | ------------------------------------------------------------ | 17 |
| ሰሙን 5 | ------------------------------------------------------------ | 23 |
| ሰሙን 6 | ------------------------------------------------------------ | 29 |
| ሰሙን 7 | ------------------------------------------------------------ | 35 |
| ሰሙን 8 | ------------------------------------------------------------ | 41 |
| ሰሙን 9 | ------------------------------------------------------------ | 47 |
| ሰሙን 10 | ------------------------------------------------------------ | 52 |
| ሰሙን 11 | ------------------------------------------------------------ | 57 |
| ሰሙን 12 | ------------------------------------------------------------ | 63 |
| ሰሙን 13 | ------------------------------------------------------------ | 68 |
| ሰሙን 14 | ------------------------------------------------------------ | 73 |
| ሰሙን 15 | ------------------------------------------------------------ | 78 |


## 2ይ መንፈቕ ዓመት


| | | |
|---|---|---|
| ሰሙን 16 | ------------------------------------------------------------ | 83 |
| ሰሙን 17 | ------------------------------------------------------------ | 88 |
| ሰሙን 18 | ------------------------------------------------------------ | 93 |
| ሰሙን 19 | ------------------------------------------------------------ | 98 |
| ሰሙን 20 | ------------------------------------------------------------ | 103 |
| ሰሙን 21 | ------------------------------------------------------------ | 108 |
| ሰሙን 22 | ------------------------------------------------------------ | 113 |
| ሰሙን 23 | ------------------------------------------------------------ | 118 |
| ሰሙን 24 | ------------------------------------------------------------ | 123 |
| ሰሙን 25 | ------------------------------------------------------------ | 128 |
| ሰሙን 26 | ------------------------------------------------------------ | 133 |
| ሰሙን 27 | ------------------------------------------------------------ | 138 |
| ሰሙን 28 | ------------------------------------------------------------ | 143 |
| ሰሙን 29 | ------------------------------------------------------------ | 148 |
| ሰሙን 30 | ------------------------------------------------------------ | 154 |

# ሓበሬታ ንወለዲ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ እዚ መፅሓፍ

## መእተዊ

እዚ ን2ይ ክፍሊ ዝተዳለወ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣካል እቲ ህፃናት ደቅና ኣፎም ብዝኸፈቱሉ ቋንቋ ብዝግባእ ምንባብ፣ ምፅሓፍ፣ ምድማፅን ምዝራብን ንምብቃዕ ዝተዳለወ ስርዓተትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ እዩ። እዚ መፅሓፍ ዝተዳለወ፣ ህፃናት ምንባብን ምፅሓፍን ከመይ ከም ዝመልኩ ከርእዩ ዝኽእሉ መፅናዕትታትን ባህርያት ቋንቋ ትግርኛን መሰረት ብምግባር እዩ።

መሰረታዊ ሓሳባት እዚ ስርዓተ ትምህርቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. ተምሃሮ ድምፂ ኣብ ውሽጢ ቃላት ዘለዉ ፊደላት ፈልዮም ንኽፀርሑን ዘይልሙዳት ቃላት ብዝግባእ ንኽንብቡን፤ ድምፅታት ዝተፈላለዩ ፊደላት እቲ ቋንቋ ክመሃሩ ይግባእ።
2. ተምሃሮ ፊደላት ምንባብ ምስ ጀመሩ ሽዑ ንሽዑ በቶም ዝተምሃሩዎም ፊደላት ዝተመስረቱ ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ምንባብ ክጅምሩ ኣለዎም።
3. ተምሃሮ ክእለት ምድማፅ፣ ምዝራብ፣ ምንባብን ምፅሓፍን ንምምላኽ ዝኽእሉ ብዙሓትን ተደጋገምትን መልመዲታት ክቐርቡሎምን ክለማመዱሎምን ኣለዎም። ፅዑቕ ልምምድ እንተኣካዪዶም ብዓርሰ እምነት፣ ብትኽክልን ብናህሪን ከንብቡ ይኽእሉ። ብዝርርብ ኮነ ብፅሑፍ ብትኽክልን ብግልፂን ሓሳቦም ክገልፁ ይኽእሉ።
4. ተምሃሮ ሓደስቲ ቃላት እንተንብቡን እንተዳምፁን ፍታሕ እዞም ቃላት እውን ክመሃሩ ኣለዎም። ፍታሕ ቃላት እንተፈሊጦም ብዛዕባ እንታይ ከም ዘንበቡ ይግንዘቡ፤ ነቲ ቋንቋኦም ብዝርርብ ኮነ ብፅሑፍ ብዝግባእ ይጥቀሙሉ።
5. ተምሃሮ ዘዳምፁዎምን ዘንብቡዎምን ዛንታታትን ነበረያ ነበረታትን ብዝግባእ ምእንቲ ክርድኡዎም ዝተፈላለዩ ክእለታት ኣንቢብካ ምግንዛብ ክምዘማዕብሉ ይእመን።

## ግደ ወለዲ ኣብ ገዛ

ብሓፈሻ ወለዲ ንደቅኹም፣ ምንባብን ምፅሓፍን በቲ ቋንቋ ምጥቃምን ንኽመልኩ ክትሕግዙዎም ሓላፍነት ኣለኩም። ስለዚ:-

1. ዛንታታት /ነበረያ ነበረታት/ ኣዘንትዉሎም።
2. ደቅኹም ነበረያ ነበረ ንክቕርቡ ሕተቱዎም።
3. እቶም ቆልዑ እቲ ዝተነበበሎም ወይ ዝተነገሮም ወግዒ ዝፈጠረሎም ስምዒት መሰረት ገይሮም ሓሳቦም ንኽገልፁ ምትብባዕ ይግባእ። እዚ፣ ህፃናት ኣዳሚፅካ ወይ ኣንቢብካ ናይ ምግንዛብ ተኽእሎኦምን ልሳነ ርቱእነቶምን ንኽምዕብል ስለዝሕግዝ እዩ።
4. ዛንታታት ሰሓባይ ብዝኾነ መንገዲ ኣንብቡሎም፣ ወይ ንኽንበበሎም ምግባር የድሊ። እዚ ክልተ ረብሓታት ኣለዉዎ። እቲ ሓደ: ንባብ እንታይ ዓይነት ድምፀት ክህልዎ ከም ዝግባእ ንምፍላጥ፣ እቲ ካሊእ ድልየት ንባብ ንኽለዓዕል ይሕግዝ። ብምቕፃል እቱ ዘንበብኩምዎ ዛንታ ብዛዕባ እንታይ ከምዘውግዕ ነቶም ህፃናት ክግለፀሎም ይግባእ።
5. ግጥማዊ ዝኾነ ዛንታ ወይ ፅሑፍ ምቕራብ፣ ብዛዕባ ብተመሳሳሊ ፊደል ዝጅምሩ ወይ ዝውድኡ ቃላት ንክሓስቡ የበራብር።
6. ብዝተምሃሩዎም ፊደላት ዝተሃነፁ ቃላት ብምምስራት ነቶም ቃላት ንኽንብቡ ዕድል ይሀብ።
7. እቶም ቆልዑ ምንባብ እንትጅምሩ ኣብዚ መፅሓፍ ዘለዉ ምንባባት ወይ ካልኦት መጠንቲ ፅሑፋት ብምሃብ ንኽንብቡ ምትብባዕ።ሓድሓደ ቃላት ንምንባብ ኣብ ዝፅገሙሉ እዋን ግቡእ ሓገዝ ኣወፍዩሎም።
8. ህፃናት ንመሓዙቶም ወይ ከዓ ንስድራኦም መዘክር ንኽፅሕፉ ኣተባብዑዎም።
9. ወለዲ ንኣንስትዮም ተባዕትዮን ደቆም ማዕረ ናይ መፅንዕን ዕረፍትን ግዘ ክትህቡ ይግባእ።
10. ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ደቆም ከከም ድሌቶምን ክእለቶምን ይሓግዙዎም።

ትሕዝቶ መፅሓፍ ተምሃራይ

## ንኡሳን ክፋላት እዚ ትምህርቲ

ኣብዚ መፅሓፍ ዘለዉ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ብፍሉያት ምስሊታት /Icons/ ዝተወከሉ ንኡሳን ክፋላት ኣለዉ። መብዛሕትኦም ንኡሳን ክፋላት ምስ ሕድሕድ ትምህርቲ እናኣተዉ ይረአዩ እዮም። ሓድሓደ ንኡሳን ክፋላት ግን ምስ ውሑዳት ትምህርትታት ጥራሕ እዮም ዝመፁ።



### ኣዳሚፅካ ምግንዛብ

እዚ ክፋል ትምህርቲ ኣብ ኣዳሚፅካ ምግንዛብ ዘድሃበ እዩ።

## ንኡሳን ክፋላት እዚ ትምህርቲ

- ብመምህር ዝቐርብ ነበረያ ነበረ ወይ ሓበሬታ የዳምፁ፣
- ብዛዕባ ምስ እቱ ምንባብ ዝቐረበ ርእሲን ስእሊን የስተንትኑ፣

- ካብቲ ዘዳመፁዎ ዛንታ ንዝወፁ ሕቶታት ምላሽ ይህቡ፡፡
- ብዛዕባ እቲ ዛንታ ይመያየጡ፡፡

## ግደ ወለዲ ኣብ ገዛ፡-

- ካብቱ ዘዳመፁዎ ዛንታ ወይ ነበረያ ነበረ እንታይ ከም ዝዝክሩ ሕተቱዎም፡፡ /እቲ ኣብ ክፍሊ ዝተሓንፀፀ ስእሊ ከም መዘኻኸሪ ዛንታ ኮይኑ ከገልግል ይኽእል እዩ፡፡/

## ሓዱሽ /ተተኳሪ/ ፊደል

እዚ ንኡስ ክፋል፤ ኣብፊደላትን ድምፃምን ዘድሃበ እዩ፡፡

## ህፃናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ተተኳሪ ፊደል፡-

- ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ ዘይተምሃሩዎም ፊደላት ቋንቋ ትግርኛ ይመሃሩ፤
- ሕድሕድ ድምፂ ፊደል ኣብ ቃል ዝህልዎ ግደ ይመሃሩ፣
- ብሕድሕድ ፊደል ዝጅምሩ ቃላት ይፈልዩ፣
- ድምፂ ዝረአዩዎ ፊደል ይፀርሑ፤
- ቀዲሞም ንዝተምሃሩዎም ፊደላት ንምፅራሕ ይለማመዱ፡፡

## ግደ ወለዲ ኣብ ገዛ፡-

- እቶም ቆልዑ ኣቐድም ኣቢሎም ዝተምሃሩዎም ፊደላት ምርኣይ፣
- እንታይነትን /ስም/ ኣደማምፃን ሕድሕድ ፊደል ንኽዛረቡ ምትብባዕ፣
- በቶም ዝተምሃሩዎም ፊደላት ቃላት ክምስረቱ ከምዝኽእሉ ንኽሓስቡን ንኽምስርቱን ምሕታት የድሊ፡፡

## ምጥማርን ምንፃልን

ትኹረት እዚ ንኡስ ክፋል፤ ኣብ ምንባብ ቃላትን ኣብ ውሽጢ ቃል ዘለዉ ፊደላት ወይ ምዕላዳት ብምንፃልን ፊደላት፣ ቀለማትን ምዕላዳትን ንኽፀርሑ ብምግባር ክእለት ንባብ ምዕባይ እዩ፡፡

## ህፃናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ምጥማር ምንፃል፡-

- ቃላት ይጠምሩ፡፡
- ድምፂ ሕድሕድ ፊደል ነፂሎም ይፀርሑ፡፡
- ነቶም ፊደላት ጠሚሮም የንብቡ፡፡
- ቃላት ይንፅሉ፡፡
- ዝቐረቡሎም ቃላት የንብቡ፡፡
- ነቲ ቃል ናብ ብርኪ ፊደል ወይ ምዕላድ ይንፅሉ፡፡
- ኣብ ውሽጢ ቃል ዘለዉን ፍታሕ ዘለዎምን ምዕላዳት ይፈልዩን የንብቡን፡፡

## ግደ ወለዲ ኣብ ገዛ፡-

- ፊደላት፣ ቀለማትን ምዕላዳትን ከመይ ከምዝጠምሩን ከምዝንፅሉን ንኸርእዩ ሕተቱዎም፡፡ እዚ፣ ህፃናት ነቲ ከይዲ ምጥማር ምንፃል ብዝግባእ ንኽመልኩዎ ዝሕግዝ ልምምድ እዩ፡፡



# ዓርሰ ንባብ

ትኹረት እዚ ንኡስ ክፋል፤ ተምሃሮ ብደረጀኦም ክግንዘቡዎም ዝኽእሉ ቃላት ስእሊ ዝሓዙ ምሉእ ሓሳባት፣ ሓፀርቲ ዛንታታትን /ነበረያ ነበረታት/ ሓበርቲ ፅሑፋትን ንኸንብቡ ኣብ ምልምማድ እዩ፡፡

## ህፃናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ዓርሰ ንባብ፡-

- ዝቐረበሎም ፅሑፍ የንብቡ፤
- ካብቲ ምንባብ ንዝወፁ ሕቶታት ምላሽ ይህቡ፤
- ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ኣመልኪቶም ይመያየጡ፤
- ኣብቲ ምንባብ ዘለዎም ግንዛበ ብፅሑፍ ይገልፁ፡፡

## ግደ ወለዲ ኣብ ገዛ፡-

- ኣብዚ ዕለት ዝመሃሩዎ ዓርሰ ንባብ ብምርኣይ ንኸንብቡልኩም ኣተባብዑዎም፤
- ኣብ ሕሉፍ ግዘ ዘንበቡዎ ዛንታ /ዓርሰ ንባብ/ ምስረኣኹም ደጊሞም ንኸንብቡልኩም ግበሩ፡፡
- ኣብ እዋን ንባብ ብዝግባእ ንምንባብ ዘፀገሙሎም ቃላት እንተሃሊዮም ብኸመይ ከንብቡዎም ከም ዘለዎም ብምሕባር ብትኽክል ንኽፀርሑ ኣተባብዑዎም፡፡
- ደቅኹም ነቲ ዛንታ ዝፈተዉዎ ምኽንያትን ንምንታይ ከም ዝፈተዉዎን /ከም ዘይፈተዉዎ/ ንኸረድኡኹም ግበሩ፡፡



# ቃላት

እዚ ንኡስ ክፋል ትምህርቲ፣ ኣብ ምምሃርን ምጥቃምን ሓደስቲ ቃላት ዘድሃበ እዩ፡፡

## ህፃናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ቃላት፡-

- ካብ መምህር ብዝቐርብ ገለፃ ወይ ካብ ዘንበቡዎ ፅሑፍ ሓደሽቲ ቃላት ይመሃሩ፤
- ቃላት ምስ ስእልታት ወይ ምስ መገለፂኦም ዝኾኑ ሓሳባት የዛምዱ፤
- ምስቲ ዝተምሃሩዎ ቃል ዝመሳሰል ወይ ዝፃረር ቃል ይፀርሑ፡፡
- ዝተምምሃሩዎም ሓደሽቲ ቃላት ኣብ ምሉእ ሓሳብ ምእታው ይለማመዱ፡፡

## ግደ ወለዲ ኣብ ገዛ፦

- ኣብ እዋን ትምህርቲ ዝሰኣሉዎም ምስሊታት ብምርኣይ እንታይ ንምግላፅ ከም ዝሰኣሉዎም ንኽነግሩኹም ግበሩ።
- ብዛዕባ ዝተምሃሩዎም ቃላት ንኽነግሩኹም ሕተቱዎም።



# ፅሕፈት

ትኹረት እዚ ንኡስ ክፋል ፊደላትን ቃላትን ብፅሑፍ ከምኡውን ብስእሊ ክመሓላለፉ ዝተደለዩ ሓሳባት ኣብ ምግላፅ ዘድሃበ እዩ።

## ህፃናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ቃላት፦

- ሕድሕድ ፊደል ከመይ ከም ዝፀሓፍ ይለማመዱ፤
- ብዝተምሃሩዎም ፊደላት ዝተሃነፁ ቃላት ይፅሕፉ፤
- ኣብ ውሽጢ ቃላት ዘለዉ ፊደላት ነኒልካ ምንባብ ይለማመዱ፤
- ብቃል ዝንገሩዎም ፊደላት፣ ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ብምፅሓፍ ብትኽክል ምፅሓፍ ምኽኣሎም የርእዩ፤
- ሓሳቦምን እምነቶምን ንምምሕላፍ /ንካልኦት ንምክፋል/ ቃላት ወይ ምሉእ ሐሳባት ይፅሕፉ።

## ግደ ወለዲ ኣብ ገዛ፦

- ኣብ ኣቀራርፃ ፊደል ዘለዎም ክእለት ምእንቲ ክመሓየሽ /ክፅብቐ/ ግቡእ ቅርፂ ሒዞም ዝተፅሓፉ ፊደላትን ቃላትን ብምርኣይ ንኽግልብጡ ኣለማምዱዎም።
- ኣብ ውሽጢ ቃል ዘለዉ ፊደላት ፈልዮም ንኽፀርሑ ግበሩ።
- ኣብ እዋን ፅሕፈት ዝፍፅሙዎም ጌጋታት ኣሪሞም ንኽፅሕፉ ሓግዙዎም፤ኣተባብዑዎም።
- ሓፀርቲ ምሉእሓሳባት ንኽፅሕፉ የተባብዑዎም። ንመሓዙቶም ወይ ንስድራኦም ሓፂር መዘክር ንኽፅሕፉ ብምግባር ኣለማምዱዎም።

## ምድማፅ



### ባህጊ ክልተ ኣሕዋት

ቦፌ፣ጥልፊ፣ሽፋይ ሳእኒ፣ ካባ፣
ቱታ፣ስረ፣ ቀምሽ፣ ሸሚዝ፣
ሹራብ፣ ካናቲራ፣ ካልሲ

## ትእምርተ ድምፂ

| | |
|---|---|
| ዠ ዠ | ጰ ጰ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ንፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ቀ ም ሽ | | ጐልፎ | |
| ጐ ል ፎ | | ኣሕዋት | |

## ዓርሰ ንባብ

### ሳፈታ



ኣይተ ጳውሎስ ምስ ደቆም እንዳ ስፌት ከዱ:: ሳፈታ ፍሽኽ እናበለ ድልየቶም ሓተቶም:: ብመሰረት ድሌቶም ንስረን ቀምሽን ዝኸውን ጨርቂ ቀረበ:: ክልቲኦም ዝደለይዎ ሓረዩ:: ሳፈታ ንጴጥሮስን ሰናይትን ብሜትሮ ዓቀኖም:: ዕለተ ቆፀሮ ሃቦም:: ኣይተ ጳውሎስ ሒሳብ ከፈሉ:: ደቆም ሒዞም ድማ ንገዝኦም ተመለሱ::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ናብ ሳፈታ መነመን ከይዶም? | 2. ሳፈታ እንታይ ገይሩ? |
| 3. እኒ ጴጥሮስ ብምንታይ ተዓቂኖም? | |

## ቃላት

| ስም ፀሓፉ | | | |
|---|---|---|---|
|  |  |  |  |

## 2ይ መዓልቲ

## ትእምርተ ድምፂ

| | |
|---|---|
| ዠ ዠ | ጰ ጰ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ስ ረ | | ቀምሽ | |
| ጰ ጰ ሰ | | ቈልዑ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ሳፌታ

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ተሳተፍቲ እቲ ታሪኽ ዘርዝሩ። | 2. ሳፌታ እንታይ ይሰርሕ? |

## ቃላት

| ምሉእ ሓሳብ ህነፁ። | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ሳፌታ | 2. ቆፀሮ | 3. ድልየት | 4. ሜትሮ |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ከመይ ዓይነት ኽዳን ትፈትዉ?

## ዳግም ምድማፅ

ባህጊ ክልተ ኣሕዋት

| ክዳን ስራሕ፣ በዓል፣ ፊደ፣ ጋወን |
|---|

## ትእምርተ ድምፂ

| | |
|---|---|
| ጐ | ጐ |
| ጷ | ጷ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ባ ህ ጊ | | ጥብቆ | |
| ባ ህ ሊ | | ጋወን | |

## ዓርሰ ንባብ

መርዓ



ኣይተ ጳውሎስ መርዓ ተዓዲሞም:: ምስ በዓልቲ ቤቶም ባህላዊ ክዳን ተኸዲኖም:: ብእዋኑ ደቆም ሒዞም ናብቲ መርዓ ከዱ:: ኣብቲ ዳስ መርዑ ረኣዩ:: እቶም መርዑ ብወርቂ ካባ ደሚቖም:: ጴጥሮስን ሰናይትን ብኽዳን መርዑ ተሓጒሶም::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ናብ መርዓ መነመን ከይዶም? | 2. መርዑ እንታይ ተኸዲኖም? |
| 3. ዕዱማት እንታይ ተኸዲኖም? | |

## ቃላት

| ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ:: | |
|---|---|
| ሀ | ለ |
| 1. ጉልፎ | ሀ. ሹራብ |
| 2. ሳእኒ | ለ. ጫማ |
| 3. ሸሚዝ | ሐ. ዓለባ |
| 4. ክዳን | መ. ካምቻ |

## ትእምርተ ድምፂ

| | |
|---|---|
| ዢ | ዢ |
| ጺ | ጺ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ዡ ር ያ | | በዓል | |
| ፅ ባ ሕ | | ንፉዓት | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

**መርዓ**

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. እቲ ታሪኽ ከመይ ተጀሚሩ? | 2. ናብ መርዓ ከይድኩም እንታይ ትገብሩ? |
| 3. ኣብ መርዓ እንታይ ይስራሕ? | |

## ቃላት

| ሓረኹም መልኡ። | |
|---|---|
| 1. ወር___ /ቆ፣ቂ/ | 3. ባ ___ /ኮ፣ ካ/ |
| 2. መ___ዑ (ር ፣ ሮ) | 4. ባህ ___ ዊ /ላ፣ ል/ |

## ፅሕፈት

**ፀሓፉ**

ኣብ መርዓ እትሪኡዎ ፀሓፉ።



## ምድማፅ

ንምንታይ ንኸደን



ቍሪ፣ ዋዒ፣ ዝናብ፣ ካቦት፣ ኮበርታ፣ ሸሚዝ፣ ጃኬት፣ቱታ



## ትእምርተ ድምፂ

| | | | |
|---|---|---|---|
| ጕ | ጕ | ጷ | ጷ |





## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ጳ ጳስ | | ሰጺራ | |
| ጳ ው ሎስ | | ላጺስ | |



## ዓርሰ ንባብ

ስላስን ጳውሎስን



ስላስን ጳውሎስን ኣሕዋት እዮም። ክልቲኦም ከከም እዋኑ ክዳን ይቐያይሩ። ኣብ ዛሕሊ ሽጎማኖ፣ ጃኬት ይድርቡ። ኣብ ዋዒ ሸሚዝ ይገብሩ። ኣብ ንፋስ ረጎድቲ ክዳውንቲ ይኸደኑ። ከምዚ ገይሮም ጥዕናኦም ይከናኸኑ።

| ሕቶታት መልሱ፡፡ | |
|---|---|
| 1. እቶም ቆልዑ ሸሚዝ መኣዝ ይኽደኑ? | 2. እቶም ቆልዑ ኣብ ቁሪ እንታይ ይኽደኑ? |
| 3. እቶም ቆልዑ ጥዕናኦም ብምንታይ ይሕልዉ? | |

## ቃላት

| ዘትዩ፡፡ | | |
|---|---|---|
| ሀ. ክዳን መጋየፂ | ለ. ክዳን ቊሪ | ሐ. ክዳን ስራሕ |

# 2ይ መዓልቲ

## ትእምርተ ድምፂ

ዠ ዡ ዢ ዣ ጸ ጹ ጺ ጻ

ዠ ዡ ዢ ዣ ጸ ጹ ጺ ጻ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ሰ ጺ ራ | | ጻጻስ | |
| ላ ጺ ስ | | ጻውሎስ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ስላስን ጳውሎስን

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ክዳን ንምንታይ ትጥቀሙሉ? | 2. እቲ ፅሑፍ ናይ መን ታሪኽ እዩ? |
| 3. ንስኻትኩም ረጒድ ክዳን ንምንታይ ትኽደኑ? | |

## ቃላት

| ሓሪኹም መልኡ። | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ቍ__/ራ፣ሪ/ | 2. ቍፅ__/ሮ፣ሪ/ | 3. ቍራ__/ፅ፣ፀ/ | 4. ቍመ__/ቶ፣ት/ |

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ግልጋሎት ክዳን ግለፁ።

# 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

### ንምንታይ ንኽደን

እዋን ቍሪ፣እዋን ዝናብ፣እዋን ፀሓይ፣ነፀላ፣ጋቢ

## ትእምርተ ድምፂ

ጜ ጜ

ጼ  ጼ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ጴጥ ሮስ | | ጴጥሮስ | |
| ጠ ረ ጴ ዛ | | ጠረጴዛ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ክዳን ለይቲ



ኣደይ ይሕደጋ ንኽዳን ብግቡእ ይጥንቀቓ:: በዚ ስርሖን ኩሉ ሰብ ይንእደን:: ሓደ መዓልቲ ንወደን ጳውሎስ ፀውዖኦ:: ክዳን ቀትርን ለይትን ፈላልየን ኣርእየኦ:: ዘለዉሉ ቦታ ድማ ሓበራሉ:: ጳውሎስ ክዳን ለይቲ እንታይ ከምዝበሃል ሓተተን:: ንሰን ድማ ፒጃማ ከምዝበሃል ነገርኦ::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ጳውሎስ ንምንታይ ተፀዊዑ? | 2. ንጳውሎስ መን ፀዊዑዎ? |

## ቃላት

| ጕጅሉ | | |
|---|---|---|
| ቍሪ | ዋዒ | ለይቲ |

ጥልፊ፣ ጕልፎ፣ ጋቢ፣ ካባ፣ ካቦት፣ ኮበርታ፣ ሸሚዝ፣
ሓፂር ስረ፣ እጀ ጠባብ፣ ካናቲራ

## ትእምርተ ድምፂ

| ዃ  ዃ | ጿ  ጿ |
|---|---|

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ጺ ላ ጦስ | | ጺላጦስ | |
| ነ ፀ ላ | | ነፀላ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ክዳን ለይቲ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ንስኻትኩም ለይቲ እንታይ ትኽደኑ? | 2. ታሪኽ እቲ ምንባብ ብቓል ግለፁ:: |

## ቃላት

| ጉጅሉ:: | |
|---|---|
| ክዳን በዓል | ክዳን ስራሕ |

ጥልፊ፣ ጉልፎ፣ ጋቢ፣ ካባ፣ ሽሚዝ፣ ሓፂር ስረ፣ እጀ ጠባብ፣ ካናቲራ

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ናይቲ ፅሑፍ ሓሳብ ብኽልተ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ::

## ምድማፅ

ንተሓጋገዝ



| |
|---|
| ሕፅቦ፣ ምፅማቝ፣ ምስትራር፣ ፍሽኽታ፣ርስሓት |

## ትእምርተ ድምፂ

| | | | |
|---|---|---|---|
| ጕ | ጕ | ጶ | ጶ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ላ ጲ ስ | | ጴጥሮስ | |
| ጳ ጳ ስ | | ኢትዮጵያ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ዝነኣድ ምኽሪ



ኢትዮጵያ፣ ሙሳን ሃናን መማህርቲ እዮም:: ኢትዮጵያን ሃናን ተታሒዘን ወፃ:: ንሙሳ ክፅውዓ ናብ ገዝኡ ጉዕዞ ጀመራ ::ሃና ብኽዳና ፊጥ በለት:: ኢትዮጳያ ድንግፅ ኢላ ረኣየታ:: ብኽዳን ምንፋጥ ነውሪ ምዃኑ ገለፀትላ:: ቀፂላ መንዲል ሃበታ:: ክዳና ብፅርየት ክትሕዝ መኸረታ:: ሃና ምኽሪ መሓዘኣ ተቐበለት:: ክዳና ብፅርየት ክትሕዝ ድማ ቃል ኣተወት::

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ናብ ሙሳ መነመን ከይደን? | 2. ኢትዮጵያን ሃናን ናበይ ከይደን? |
| 3. ሃና ብምንታይ ፊጥ ኢላ? | |

## ቃላት

ሀ. ዝተሰመረሎም ተክኡ።

1. ጳውሎስን ሃናን መሓዙት እዮም። /ንሳቶም፣ ንሳተን/
2. ኣነን ጳውሎስን መሓዙት ኢና። /ኣነ፣ ንሕና/
3. ንስኻን ኢትዮጵያን መሓዙት ኢኹም። /ንስኻትኩም፣ ንሳቶም/

## 2ይ መዓልቲ

## ትእምርተ ድምፂ

# ጘ ጙ ጚ ጛ ጜ ጝ ጞ

# ጸ ጹ ጺ ጻ ጼ ጽ ጾ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ጼ ጥ ሮ ስ | | ቴሌቪዥን | |
| ፍ ሊ ጸ ስ | | ጳውሎስ | |



## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ዝንኣድ ምኽሪ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኢትዮጵያ ንሃና እንታይ ሂባታ? | 2. ሃና እንታይ ጌጋ ፈፂማ? |
| 3. ተሳተፍቲ እቲ ታሪኽ ዘርዝሩ:: | |



## ቃላት

**ለ. ሓሪኹም መልኡ::**

1. ኣነ ካብ ገዛ ____ /መፂአ፣ መፂኣ/
2. ንሱ ይፅሕፍ ___ /ኣሎ፣ ኣላ/
3. ንሳ ክትሕከም ___ /ከይዱ፣ ከይዳ/
4. እነይ ሰጺራ ___ /መፂኡ፣ መፂአን/



## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

**ሀ. ፊደል ፀሓፉ::**

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ዠ | ዡ | ዢ | ዣ | ዤ | ዥ | ዦ |
| ጸ | ጹ | ጺ | ጻ | ጼ | ጽ | ጾ |

**ለ. ነውሪ ዝበሃሉ ተግባራት ፀሓፉ::**

## ዳግም ምድማፅ

### ንተሓጋገዝ

## ትእምርተ ድምፂ

| | |
|---|---|
| ኰ | ኰ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ኰ ሓ ለ | | ኰረተ | |
| ኰስ ተ ረ | | ኰኰደ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ጥንቃቐ

እዋኑ ክረምቲ ነይሩ:: ታደሰ ንቴድሮስ ፀወየ:: ታደሰን ቴድሮስን ኣዕርኽቲ እዮም:: ኵዕሶ ክፃወቱ ናብ ሜዳ ከዱ:: ፀወታ ኵዕሶ ጀመሩ:: ታደሰ ኣብ ፀወታ ከሎ ወዲቑ:: ክዳን ትምህርቱ ተቐደደ:: ጭቃ ድማ ተፀየቐ:: ብሰንኪ እዙይ



ንገዝኡ ክኣቱ ፈርሐ:: ኣብ በሪ ከሎ ኣዲኡ ሪኣን ኰረያሉ::ክዳኑ ክቕይር ድማ ገበራ:: ባዕሉ ክሓፅብን ክልግብን ድማ ነገርኦ:: ሓፂቡ ናብ ምልጋብ ኣተወ::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኣብ ሜዳ ዝወደቐ መን እዩ? | 2. ዓርኪ ታደሰ መን ይበሃል? |
| 3. ታደሰ እንታይ ተቐፂዑ? | |

## ቃላት

ስሞም ፀሓፉ::





## 4ይ መዓልቲ

## ትእምርተ ድምፂ

| | |
|---|---|
| ኰ | ኰ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ኰ ር ዐ | | ኰተመ | |
| ኰ ለ ሰ | | ሰኰዐ | |



## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ጥንቃቐ

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ክዳን ታደሰ መን ሓቢኡዎ? | 2. እቶም ቆልዑ ኣበይ ተፃዊቶም? |
| 3. ዝተፃወቱሉ እዋን መኣዝ ነይሩ? | |



## ቃላት

### ምሉእ ሓሳብ ሀነፁ።

1. ጭቃ  2. ሓፀበ  3. ፅርየት  4. ፈርሐ



## ፅሕፈት

### ብፅሑፍ ግለፁ።

ኣብ እዋን ክረምቲ እንታይ ትሰርሑ?

# ሰሙን 4

## ምድማፅ

ዕለትን መዓልትን



ኹዕሶ፣ ኹምሪ፣ ኹናት፣ ኹሕሊ፣ መዓልቲ፣ ዕረፍቲ

## ትእምርተ ድምፂ

ኹ  ኹ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ኹ ም ሪ | | ኹዕሶ | |
| ኹ ዕ ሶ | | ኹሊት | |

## ዓርሰ ንባብ

ውሕሉል ኣጠቓቕማ ግዘ





ኣብ ሰሙን ሸውዓተ መዓልቲ ኣሎ:: ሕድ ሕድ መዓልቲ ለይትን ቀትርን ኣለዎ:: መሓሪ ንመዓልቲ ኣብ ሰለስተ መቒሉ ይጥቀመሉ:: እቲ ሓደ እዋን ትምህርቲ እዩ:: እዚ ፍልጠት ዝረኽበሉ እዋን ይበሃል:: እቲ ካልኣይ እዋን ዕረፍቲ እዩ:: እዚ ብፀወታ መንፈሱ ዝህድሰሉ እዩ:: እቲ ሳልሳይ እዋን ድቃስ እዩ:: እዚ ድማ ኣእምሮን ኣካልን ዝዓርፉሉ እዩ:: በዚ ኣቢሉ ግዚኡ ብግቡእ ይጥቀመሉ::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. መሐሪ ንመዓልቲ ኣብ ክንደይ ይመቕሎ? | 2. ሰለስቲኦም እዋናት ዘርዝሩ? |

## ቃላት

ስርዐ::

ሰሉስ፣ ሓሙስ፣ ሰንበት፣ ቀዳም፣ ረቡዕ፣ ሰኑይ፣ ዓርቢ

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ኩ

ሰሉስ፣ ሓሙስ፣ ረቡዕ

# 2ይ መዓልቲ

## ትእምርተ ድምፂ

ኩ  ኩ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ኵ ሕ ሊ | | ኲናት | |
| ኵ ሓ | | በኲራ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ውሕሉል ኣጠቓቕማ ግዘ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኣብ ሰሙን ክንደይ መዓልቲ ኣሎ? | 2. ኣእምሮና መኣዝ ይዓርፍ? |

## ቃላት

ጕጅሉ::

ሓሙስ፣ቀዳም፣ረቡዕ፣ ዓርቢ፣ሰንበት፣ሰሉስ፣ ሰኑይ

| እዋን ትምህርቲ | እዋን ዕረፍቲ |
|---|---|
| | |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

| ኵ |
|---|
| ሰንበት፣ ቀዳም፣ ሰኑይ፣ ዓርቢ |

## ዳግም ምድማፅ

### ዕለትን መዓልትን

መዓልቲ፣ እዋን ትምህርቲ፣ ዕረፍቲ፣ ድቃስ

## ትእምርተ ድምፂ

ኳ  ኳ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ኳ ዳ | | ኳዕቲ | |
| ኳ ና | | ርኳን | |

## ዓርሰ ንባብ

### ዝነኣድ ምሕዝነት



ሰሎሞንን ዝማምን ጕረባብቲ እዮም። ዝማም ኵሕሊ ተኳሒላ። ጨጕሪ ርእሳ ኵምር ዝበለ እዩ። ሰሎሞን ኳሌታ ዘለዎ ክዳን ይፈቱ። ክልቲኦም ብሓባር ኵይኖም የፅንዑ። ኵኵደ ብምፅዋት ይዘናግዑ። ምስ መሰየ ነናብ ገዛኦም ይኸዱ።

| ሕቶታት መልሱ ። | |
|---|---|
| 1. ጎረባብቲ መነመን እዮም? | 2. ሰሎሞን እንታይ ይፈቱ? |

## ቃላት

ኣንብቡ።

1. ክልቲኦም ሓቢሮም የፅንዑ። ንሰብ መንገዲ ሓቢሮም።
2. ሰሎሞን ኳሌታ ዘለዎ ክዳን ይፈቱ። ሓዱሽ እምበር ክዳን ኣይኮነን።

# 4ይ መዓልቲ

## ትእምርተ ድምፂ

ኰ ኲ ኵ ኳ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ናብ ሰሌዳ | | ምስሓው | |
| ኣብ ክልተ | | ኣብድንኳን | |

# ዳግም ዓርሰ ንባብ

## ዝነኣድ ምሕዝነት

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ክልቲኦም እንታይ ይፃወቱ? | 2. ኣብ ዕረፍቲ እንታይ ትገብሩ? |

# ቃላት

ኣቃንዑ::

1. ይኑሰ=ሰኑይ
2. ቡረዕ
3. ሙሓስ
4. ስሰሉ
5. ዓቢር

# ፅሕፈት

## ፀሓፉ

ኣብ ዕረፍቲ ንወለዲ እንታይ ትሕግዙ?

## ምድማፅ

ሎሚ ኣይመፀን



| |
|---|
| መስከረም፣ ጥቅምቲ፣ ሕዳር፣ ታሕሳስ፣ ጥሪ፣ ለካቲት |

## ትእምርተ ድምፂ

| | |
|---|---|
| ኳ | ኳ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ለ ካ ቲ ት | | ሕዳር | |
| ጥ ቅ ም ቲ | | ሓምለ | |

# ዓርሰ ንባብ

## ዝሓሸ ናብራ



ኣይተ ሓጎስን ኣይተ ያሬድን ኣዕርኽቲ እዮም። ክልቲኦም ኣብ ዓዲ ሓቂ ይነብሩ። ስርሖም ማሕረስን ንግድን እዩ። ካብ መስከረም ክሳብ ታሕሳስ ይዓፅዱ። ዓውዲ ብሓባር የኺዱ። ካብ ለካቲት ክሳብ ግንቦት መዓር ይንግዱ። ብዝረኸቡዎ ትርፊ ክዳን ደቆም ይገዝኡ። ብፃዕሮም ፅቡቕ ናብራ ይነብሩ።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. እቶም ሰባት መነ መን እዮም? | 2. እኽሊ ንምንታይ ይሸጡ? |

## ቃላት

### ፍታሕ ምረፁ።

1. መስከረም ትምህርቲ ዝኽፈተሉ ወቕቲ እዩ።

ሀ. ዓመት ለ. ሰሙን ሐ. እዋን

2. ብዛዕባ ክረምቲ ኣውግዑ።

ሀ. ዘትዩ ለ. ተኻትዑ ሐ. ተበኣሱ

3. ብፅባሒቱ ትምህርቲ ተጀመረ።

ሀ. ብናግኡ ለ. ብምሸቱ ሐ. ኣቐዲሙ

## ትእምርተ ድምፂ

# ኰ ኵ ኲ ኳ ኴ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ብ ማሕረስ | | ዝገዝአ | |
| ዝ ሓረሰ | | ኣብነሓሰ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ዝሓሸ ናብራ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ወለድኹም ገንዘብ ብኸመይ ይረኽቡ? | 2. መዓር መኣዝ ይንግዱ? |

## ቃላት

ስርዐ::

ሕዳር፣ ጥቅምቲ፣ መስከረም፣ ጥሪ፣ ታሕሳስ፣ ለካቲት

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ኣብ መስከረም እትሪእዎ ፀሓፉ::

## ዳግም ምድማፅ

### ሎሚ ኣይመፀን

ዕረፍቲ፣ ፍቕሪ፣ መፀናዕቲ፣ ኣቓልቦ፣ መጋቢት፣
ሚያዝያ፣ ግንቦት፣ ሰነ፣ ሓምለ፣ ነሓሰ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ኮር ዓት | | ጐኒ | |
| ኣብ ኮ ሮም | | ኹመረ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ክላለየኩም



ስመይ ሰዓዳ ይበሃል፡፡
ኣብ ወርሒ ሰነ ተወሊደ፡፡
ሎሚ ተምሃሪት ካልኣይ
ክፍሊ እየ፡፡ ስም ኣቦይ
ካሕሳይ ይበሃል፡፡ ኣቦይ
ወርሒ ጥሪ ምውላዱ
ነጊሩኒ፡፡ ኣደይ ራሕማ
ትበሃል፡፡ ኣብ ወርሒ
ሕዳር እያ ተወሊዳ፡፡
ክልተ ኣሕዋት ኣለዉኒ፡፡
ኣነ ንገዛይ ሳልሰይቲ ውላድ እየ፡፡ እቲ በኹሪ ዓሊ ይበሃል፡፡ ጳጉሜን እዩ ተወሊዱ፡፡ ምንኣሱ ኣሕመድ ድማ መጋቢት ተወሊዱ ፡፡

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. መጋቢት ዝተወለደ መን እዩ? | 2. ኣይተ ካሕሳይ መኣዝ ተወሊዶም? |
| 3. ባዕላ ዘፋለጠት መን እያ? | |

## ቃላት

መረፅኩም መልኡ::

1. ኣደይ ስንዳዮ___ ሀ.ይበሃላ ለ.ትበሃል ሐ.ንበሃል
2. ንስኺ መን___ ሀ.ትብሃል ለ.ትበሃሊ ሐ.ይበሃል
3. ንሱ መሓሪ___ ሀ.ትበሃል ለ.ትበሃሊ ሐ.ይበሃል

# 4ይ መዓልቲ

## ትእምርተ ድምፂ

| | |
|---|---|
| ዀ | ዀ |
| ጐ | ጐ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ኵር ናዕ | | ጐተተ | |
| ዀስ ተ ረ | | ጐደና | |



## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ክላለየኩም

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ንስኻትኩም መኣዝ ተወሊድኩም? | 2. ወለድኹም መኣዝ ተወሊዶም? |
| 3. መልእኽቲ እቲ ንባብ ግለፁ:: | |



## ቃላት

### ምሉእ ሓሳብ ህነፁ::

1. በኹሪ
2. ወርሒ
3. ኣሕዋት
4. ዕድመ



## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ብዛዕባ ወለድኹም ፀሓፉ::

# ሰሙን 6

## ምድማፅ

ይበል ምትሕግጋዝ



ቀውዒ፣ ሓጋይ፣ ፅድያ፣ ክረምቲ፣ ዓፂድ፣ ማሕረስ፣ መኼዳ

## ትእምርተ ድምፂ

ኹ  ኹ

ጐ  ጐ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| መ ኹስ | | ኹለሰ | |
| ጐ ተ ነ | | ጐበጠ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ክስተታት ተፈጥሮ



ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ወቕቲታት ኣለዉ:: እዚኦም፤ ቀውዒ፣ ሓጋይ፣ፅድያን ክረምትን ይበሃሉ:: ሕድ ሕድ ወቕቲ ሰለስተ ወርሒ ኣለዎ:: ቀውዒ ካብ ጥቅምቲ ክሳብ ታሕሳስ ዘሎ ግዜ ዝሓዘ እዩ::ሓጋይ ካብ ጥሪ ክሳብ መጋቢት ይሕዝ:: ፅድያ ካብ ሚያዝያ ክሳብ ሰነ ዘሎ ይሸፍን::ክረምቲ ድማ ካብ ሓምለ ክሳብ መስከረም እዩ::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ክንደይ ወቕቲ ኣሎ? | 2. ወቕቲታት ዘርዝሩ:: |
| 3. እቲ ምንባብ እንታይ ኢሉ ጀሚሩ? | |

## ቃላት

ባዶ ቦታ መልኡ ::

(ፀሓይ፣ ቊሪ፣ ዝናብ፣ ንፋስ)

1. ቀውዒ ስለዝኾነ __ በርቲዑ::
2. ለይቲ __ ስለዘሎ ኮበርታ ተኸዲና::
3. ኣብ ቀትሪ ሓያል __ ኣሎ::
4. __ ብምውቅዑ ውሕጅ ወሪዱ::

## 2ይ መዓልቲ

## ትእምርተ ድምፂ






## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ኵል ዒ | | ሰጕዲ | |
| ጕን ዲ | | ዕኹቲ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ክስተት ተፈጥሮ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኣብ ፅድያ ወለድኹም እንታይ ይሰርሑ? | 2. ክረምቲ ካብ ካልኦት ወቕትታት ብምንታይ ይፍለ? |
| 3. መልእኽቲ እቲ ምንባብ ግለፁ:: | |

## ቃላት

ምሉእ ሓሳብ ህነፁ ::

1. ዓፂድ
2. ክረምቲ
3. ሓጋይ
4. ቀውዒ
5. ፅድያ

## ፅሕፈት

ሀ. ደጋጊምኩም ፀሓፉ::

ኹ፤ጕ፤ኹ፤ጕ

ለ. ፀሓፉ

ኣብ ቀውዒ እንታይ እንታይ ይስራሕ?



## ዳግም ምድማፅ

### ይበል ምትሕግጋዝ

ዘርኢ፣ ብቑሊ፣ እኽሊ፣ መስኖ፣ ዓመት



## ትእምርተ ድምፂ

| | |
|---|---|
| ኹ | ኹ |
| ጐ | ጐ |



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ጐ ላ | | ጐኃ | |
| ጐ ፅ | | ኃጐድ | |



## ዓርሰ ንባብ

### ንፉዕ ሓረስታይ

ኣይተ ኣብርሃ ሓረስታይ እዮም:: ኣብ ሓጋይ ናውቲ ማሕረስ የዳልዉ:: ኣብ ፅድያ መሬቶም ደጋጊሞም ይሓርሱ:: ንዘርኢ ዝኸውን እኽሊ ሸሚቶም ይዘርእዎ:: ድሕሪኡ እናፀሃዩ ዘራእቲ ይከናኸኑ:: ኣብ ቀውዒ እኽሊ ይፈሪ:: ዓፂዶም ድማ ይኹልስሱ:: ኣብ መወዳእታ መኼዳ የኽይዱ:: ካብኡ እኽሎም ናብ ቆፎ የእትዉ::



| ሕቶታት መልሱ፡፡ | |
|---|---|
| 1. ንፋዕ ሓረስታይ መን እዩ? | 2. ኣብ ፅድያ እንታይ ይሰርሑ? |
| 3. እኽሊ መዓዝ ይዓፅዱ? | |

## ቃላት

ስም ስእልታት ፀሓፉ፡፡

| | | | |
|---|---|---|---|
|  |  |  |  |

## 4ይ መዓልቲ

## ትእምርተ ድምፂ

| | | |
|---|---|---|
| ዃ |  | ዃ |
| ጓ |  | ጓ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ጓ ሳ | | ኳኹቶ | |
| ጓ ል | | ጉንጉና | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ንፋዕ ሓረስታይ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኣብ ከባቢኹም ኣብ ክረምቲ እንታይ ይሰራሕ? | 2. ካብ ናውቲ ማሕረስ ሰለስተ ዘርዝሩ:: |
| 3. እቲ ታሪኽ ብምንታይ ወዲኡ? | |

## ቃላት

| ስም ወቕቲታት መልኡ:: | |
|---|---|
| 1. ፅ - - | 3. ሓ - - |
| 2. ክ - - ቲ | 4. - - ዒ |

## ፅሕፈት

ደጋጊምኩም ፀሓፉ::

ዅ፤ጕ፤ ዃ፤ ኋ

ፀሓፉ::

1. ኣዋርሕ ክረምቲ ብዝርዝር ፀሓፉ::
2. ኣዋርሕ ቀውዒ ብዝርዝር ፀሓፉ::

## ምድማፅ

### ድርቂ

| |
|---|
| ድርቂ፣ ውሕጅ፣ ብርሰት፣ ግረባ፣ |
| ሕማም፣ ሞት፣ ስደት፣ ጉድኣት |



## ትእምርተ ድምፂ

| | |
|---|---|
| ኼ ኼ | ጌ ጌ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ጐ ያ ዱ | | ጓዕማም | |
| ኹ ም ሪ | | ውሕጅ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ውሕጅ



ህይወትን ታደሰን ዝበሃሉ መሓዙት ነይሮም:: ኣብ ከባቢኦም ናብ ዘሎ ገምገም ሩባ ከዱ:: ኣብ ካሊእ ከባቢ ሓያል ዝናብ ወቕዐ:: በቲ ሩባ ጋሻ ውሕጅ መፀ:: ታደሰ ቀሊል መሰሎ:: ክሳገር ድማ ኣተወ:: እቲ ጋሻ ውሕጅ ሽዑ ንሽዑ ወሰዶ:: ነዚ ዝረኣየት ህይወት ኡይ በለት:: ሰባት ሪኦም ሓሚሶም ኣውፅእዎ:: ናብ ጣብያ ጥዕና ወሰድዎ:: ብቐሊሉ ከዓ ድሓነ::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ናብ ውሕጅ መን ኣትዩ ? | 2. ናብ ውሕጅ ንምንታይ ኣትዩ? |
| 3. ህይወት ንምንታይ ኡይ ኢላ? | 4. እቶም መሓዙት እንመን እዮም? |

## ቃላት

**ቃል ለውጡ::**

ኣብነት:- ከደ-ከያዲ

1. ወቕዐ 2. ጀመረ 3. ተሳገረ 4. ሓመሰ

## 2ይ መዓልቲ

## ትእምርተ ድምፂ

# ዀ ዂ ዅ ዃ ዄ

# ጐ ጒ ጕ ጓ ጔ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ዓ ኹ ቱ | | ሩባ | |
| ሓ ኹ ራ | | ድርቂ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ውሕጅ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ነቲ ቆልዓ ናበይ ወሲደምዎ? | 2. ጌጋ ዝፈፀመ መን እዩ? |
| 3. ኣብቲ ታሪኽ እንመን ተሳቲፎም? | |

## ቃላት

| ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ:: | |
|---|---|
| ሀ | ለ |
| 1. ገምገም | ሀ. ሓጊዞም |
| 2. መሓዙት | ለ. ቀልቀል |
| 3. ተተሓሒዞም | ሐ. ሓወየ |
| 4. ድሓነ | መ. ኣዕርኽቲ |
| 5. ረዲኦም | ረ. ሓቢሮም |

## ፅሕፈት

1) ብቕደም ሰዓብ ፀሓፉ::

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ኹ | ዄ | ኾ | ዃ | ዅ |
| ኋ | ጉ | ጐ | ጕ | ጔ |

2 ) ውሕጅ እንታይ ጉድኣት ኣለዎ?

## ዳግም ምድማፅ

### ድርቂ

| ዝናብ፣ ፀሓይ፣ ክረምቲ፣ ማይ፣ ተኽልታት፣ እንስሳት፣ ሓያል |
|---|

## ትእምርተ ድምፂ

| | |
|---|---|
| ቌ | ቌ |
| ቖ | ቖ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ቌ ረ ሰ | | ቖሰለ | |
| ፀ መ ቖ | | ቌለበ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ንፋስ ቀውዒ



ሰምሃል ኣውያት ኣስምዐት። ክልቲኡ ኣዒንታ ሓሰር ስለዝኣተዎ። መንበሪኣ ኣብ ከተማ እዩ። ኣብ ገፀር ንዘለዋ እኳ ሓጎኣ ናፊቓ። ተፃዊታ ክትምለስ ከይዳ። ቀውዒ ስለዝነበረ ዓውዲ ዘኽይዱ ሓረስቶት ረኣየት። ክትርኢ ናብኣቶም ተፀግዐት። ሓያል ንፋስ የፅገድግድ ነበረ። ካብቲ ዓውዲ ዝተሸከሞ ሓሰር ናብ ዓይና ኣተወ። ሽዑ ኣዉያት ኣስመዐት። ካብቶም ሓረስቶት ሓደ ጎዮም ከዱ። ኣብ ዓይና ዝነበረ ሓሰር ኣውፅኡላ። ሳላኦም ዓይና ካብ ሓደጋ ድሓነት።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ሰምሃል ኣበይ ትነብር? | 2. ናብ ዓይና እንታይ ኣትዩ? |
| 3. ሓረስቶት እንታይ ይገብሩ ነይሮም? | 4. ሰምሃል ናብ ገፀር ንምንታይ ከይዳ? |

## ቃላት

ሓረኹም መልኡ።

ኣውያት ቀውዒ ናፊቓ ዓውዲ

1. ሰምሃል እነሓጎኣ __። 3.ሰምሃል __ ኣስመዐት።

2. ንፋስ __ ሓያል እዩ። 4.ሓረስቶት __ ኣኺዶም።

## 4ይ መዓልቲ

| | |
|---|---|
| ቈ | ቈ |
| ቘ | ቘ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ቈ ለ ለ | | ቘመለ | |
| ሰ ቘ ረ | | ዓቘረ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ንፋስ ቀውዒ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ሰምሃል ንምንታይ በኽያ? | 2. ኣብቲ ታሪኽ ዝተሳተፉ መነመን እዮም? |
| 3. ኣብ መወዳእታ ዓይኒ ሰምሃል እንታይ ኮይኑ? | |

## ቃላት

ምሉእ ሓሳብ ሀነፁ::

1. ንፋስ
2. ዓውዲ
3. ገፀር
4. ሓሰር
5. ሓረስቶት

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ቈ፣ቍ ቈረሰ ፀመቍ መለቍ ቍዘመ

ሓደጋ ዘብፅሑ ነገራት ዘርዚርኩም ፀሓፉ::

## ምድማፅ

### ተንኮለኛ ህበይ



| |
|---|
| ቀደም፣ ነበረያ ነበረ፣ ኣጅቦ፣ ነይሮም፣ ዝረስዐ፣ ሞት፣ ይሕነቆ ፣ ይረስዓዮ |

## ትእምርተ ድምፂ

ቍ ቍ ቝ  ቝ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ቍ ል ዒ | | ቡቝሊ | |
| ቍ ሽ ት | | ቍስሊ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ወራድ መርዓ



ነበረያ ነበረ፤ እንታይ ነበረ።
ሓደ እዋን ኣህባይ መርዓት ደለዩ። ጓል ኣንበሳ ከምፅኡ ወሰኑ። መርዓ ኣዳለዉ። ወራድ መርዓ ድማ ከዱ። ኣብ ጥቓ ዓዲ ኣንበሳ በፅሑ። ቡኧርያ ዘላተን እንስሳ ፀንሓ። ከበሮ እናወቕዓ ወራድ
መርዓ ተቐበላ። ቀፂላ ሓንቲ ቡኧርያ

ወዲ ኣራዱ ኩዕንቲ
ወዲ ዘራፊ ንዳእቲ
ምእታውስ ኣቲኻያ
ምውፃእኻ ረኣያ።

እናበለት ደረፈት። ከምዚ እናበላ ወራድ መርዓ ተቐበላ።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. መርዓት ዝደለዩ እንመን እዮም? | 2. መርዓት ካበይ ከምፅኡ ወሲኖም? |
| 3. ደርፊ ዝደረፈት መን እያ? | 4. መርዓዊ ዓሌት መን እዩ? |

## ቃላት

| ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ። | |
|---|---|
| ሀ | ለ |
| 1. ተንኮለኛ | ሀ. ልግነይ |
| 2. መደቀሲ | ለ. ተቖጥዐ |
| 3. ተናደደ | ሐ. ጎራሕ |
| 4. ዝርከብ | መ. መሀረሲ |

## 2ይ መዓልቲ

## ትእምርተ ድምፂ

| | | |
|---|---|---|
| ቀ |  | ቀ |
| ቐ | | ቐ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ዓ ቐ ሩ | | ነቀ·ዩ | |
| ሰ ቐ ራ | | ምልቀ· | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ወራድ መርዓ

| ሕቶታት መልሱ፡፡ | |
|---|---|
| 1. እኒ ቡኺርያ ወራድ መርዓ ብኸመይ ተቐቢለን? | 2. ኣህባይ ኣበይ ይነብሩ? |
| 3. ኣብቲ ታሪኽ መነመን ተሳቲፎም? | |

## ቃላት

ምሉእ ሓሳብ ህነፁ፡፡

መርዓት ኣንበሳ ከበሮ ኵዕንቲ ደርፊ

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ቀ· ፣ ቐ·

እትፈልጥዎም እንስሳት ዘገዳም ዘርዝሩ፡፡



## ዳግም ምድማፅ

### ተንኮለኛ ህበይ

ተንኰለኛ፣ህበይ፣ ሕልፊ፣ ኣሕዋት፣ ማዕፆ፣ ኣመል፣ ተናደደ



## ትእምርተ ድምፂ

| | | |
|---|---|---|
| ቋ |  | ቋ |
| ቛ |  | ቛ |



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ቋ ን ጣ | | ኣመል | |
| ሸ ቛ ር | | ተንኮለኛ | |



## ዓርሰ ንባብ

### ስሱዕ ከልቢ



ሓደ ሰራቒ ከልቢ
ነይሩ፡፡ ናብ ሓደ ገዛ
ኣተወ፡፡ ዝረኸቦ ዓፅሚ
ሰሪቑ ከደ፡፡ እቲ ዓፅሚ
ስጋ ነይሩዎ፡፡ ሒዙ
ናብ ጥቓ ቃላይ

በፅሐ:: ናይ ባዕሉ ፅላሎት ኣብቲ ቃላይ ረኣየ:: ካሊእ ከልቢ መሰሎ:: ብጣዕሚ ሰሰዐ:: ዓፅሚ ከሕድግ ድማ ዘሊሉ ኣተወ:: ሃህ ክብል ኣብ ኣፉ ዝነበረ ዓፅሚ ውሑጅ ወሰዶ ይበሃል::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. እቲ ከልቢ እንታይ ባህርይ ነይሩዎ? | 2. መጀመርታ ናበይ ኣትዩ? |
| 3. ኣብቲ ቃላይ እንታይ ሪኡ? | 4. ብዓል ዋና እቲ ታሪኽ መን እዩ? |

## ቃላት

**ሰውጡ::**

ኣብነት 1.ገዛ - ገዛውቲ

2.ከልቢ  3.ስሱዕ  4.ቃላይ  5.ሰራቒ

## 4ይ መዓልቲ

## ትእምርተ ድምፂ

| | |
|---|---|
| ቌ | ቌ |
| ቜ | ቜ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ዕ ቋር | | ህበይ | |
| ሕ ቛን | | ሕልፊ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ስሱዕ ከልቢ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኣብ መወዳእታ ናበይ ኣትዩ? | 2. ንምንታይ ናብ ቃላይ ኣትዩ? |
| 3. ከልቢ እንታይ ጉድኣት ኣለዎ? | 4. ከልቢ እንታይ ረብሓ ኣለዎ? |

## ቃላት

ቃላት መስርቱ::

ክልተ ፊደል ዘለዎም ቃላት ፧ ሰለስተ ፊደል ዘለዎም ቃላት

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ቋ፧ቛ ቌ፧ቜ

ስሱዕ ዝብሃል ከመይ ዝበለ እዩ?

## ምድማፅ

### ስርዓት ሕንቅልሕንቅሊተይ

ሕንቅልሕንቅሊተይ፣ ሰናቢተይ፣ ኣስተምህረለይ፣ ኣድርረኒ፣ ተደረር፣ ምሳሕ



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | |
|---|---|
| ም ሳሕ | |
| ተ ደ ረር | |

| ነፀሉ | |
|---|---|
| ሓታታይ | |
| መሳሳይ | |

## ዓርሰንባብ

### ኣድርረኒ



ሓበን፣ ሕንቅልሕንቅሊተይ
ናሆም፣ ሰናቢተይ
ሓበን ፣ ገዛ ዓፅያ ትሰራሰር ኣስተምህረለይ
ናሆም፣ ኣይፈልጣን
ሓበን ፣ እሞ ኣድርረኒ
ናሆም፣ ተደረር
ሓበን ፣ ብምንታይ?
ናሆም፣ ብፍትፍት
ሓበን ፣ ፍትፍት ዝበለ ፍትፍት ይሃቦ፣ድርያ ዝበለ ድርያ ይሃቦ፣ ብርስን ዝበለ እውን ብርስን ይሃቦ። ብዓብዩ ጉንዲ ፀቒጥና ንሕደጎ። እንታይ እዩ እናበልካ ከይትሓድርስ ጥጥኞ እያ።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ሓታቲ መን እዩ? | 2. መላሲ መን እዩ? |
| 3. ተደረር ምስ በለ እንታይ ኢሉ? | 4. ረብሓ ሕንቅልሕንቅሊተይ እንታይ እዩ? |

## ቃላት

| ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ። | |
|---|---|
| ሀ | ለ |
| 1. ሽሕ ዓይና ዓፅሚ ዘይብላ |  |
| 2. ኣፍ ዘይብላ ጉጂ |  |
| 3. ሰዓት ዘይብሉ ሰዓት ዝፈልጥ |  |
| 4. ክንዲ ድራር ዘብልዐት ትነብር እናነብዐት |  |
| 5. ኣብ በዓቲ ኮይና ለይለይ ትብል በይና |  |
| |  |

## 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ብ ኸልተ | | ዘይጠስሚ | |
| ዝ ነበረ | | ብፀወታ | |



## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ኣድርረኒ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኣብቲ ፀዋታ እንመን ተሳቲፎም? | 2. ሕንቅል ሕንቅሊተይ ምስተብሃለ እንታይ ይበሃል? |
| 3. ሕንቅል ሕንቅሊተይ ብኸመይ ይውዳእ? | |



## ቃላት

| ኣንብቡ:: | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. ጀበና | 2. ልክዕ | 3. ደወል | 4. ሰባት | 5. ይብል |



## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ትፈልጥዎ እንካ ኣዝግነኒ ፀሓፉ::

# 3ይ መዓልቲ



## ዳግም ምድማፅ

### ስርዓት ሕንቅልሕንቅሊተይ

| |
|---|
| ሓታቲ፣ መላሲ፣ ጓና፣ ወዲ፣ ጓል፣ ጠስሚ፣ ሽሮ፣ ስጋ፣ ኣጅቦ |



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ስር ዓት | | ጭልቓ | |
| ባህ ል ና | | እዝኒ | |

## ዓርሰ ንባብ



### ምሳሕ

ጉዕሽ፣ ሕንቅልሕንቅሊተይ
ዘቢባ፣ ሰናቢተይ
ጉዕሽ፣ ንእሽተይ ጭልቓ ኣብ ጎቦ
ጠቢቓ ፍለጥለይ
ዘቢባ፣ ኣይፈልጣንዋ ምሳሕ
ጉዕሽ፣ ምሳሕ ወዲዶ ምሳሕ ጓና?
ዘቢባ፣ ምሳሕ ወዲ
ጉዕሽ፣ ወዲ ዝበለ ወዲ ይሃቦ።

ጓና ዝበለ ጓና ይሃቦ። ካብታ እዝኑ ቆርሚምና ንኸልቢ ንሃቦ። እንታይ እዩ እናበልኪ ከይትውዕልስ እዝኒ እያ።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ሕቶ መን ሓቲቱ? | 2. ሰናቢተይ ዝበለ መን እዩ? |
| 3. ምሳሕ ወዲ መን ኢሉ? | 4. ዘቢባ መወዳእታ እንታይ ኢላ? |

## ቃላት

| ተመሳሳሊ ምረፁ። | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. ቆሪሳ | ለ. እምባ | ሐ. ብፅባፅ | መ. ምንጣሮ |
| 1. ድርፆ __ | 2. ጭልቓ __ | 3. ቆርሚማ __ | 4. ጎቦ __ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | |
|---|---|
| መ ላ ሲ | |
| ሓ ታ ቲ | |

| ንፅሉ | |
|---|---|
| ወዲ | |
| ጓና | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ምሳሕ

| ሕቶታት መልሱ ። | |
|---|---|
| 1. ኣብቲ ምንባብ መነ መን ዝበሃሉ ኣለዉ? | 2. መወዳእታ መን መሊሱ? |
| 3. ፀወታ ዝጀመረ መን እዩ? | 4. ኣፈላላይ ነበረያ ነበረን ሕንቅልሕንቅሊተይን እንታይ እዩ? |

## ቃላት

ኣንብቡ

| | |
|---|---|
| 1. ቀትሪ ብርሃን ለይቲ ፀላም እዩ። | 6. ዝተሓፀበ ክዳን ኣብ ጭቃ ዓይናሰ። |
| 2. እታ ፀላም ጓል ሓሊፋ። | 7. ድራር ሓውዶ ድራር ጓና |
| 3. ተምሃራይ ሕቶ መሊሱ። | 8. ሓውዶ ይሓይሽ ማይ? |
| 4. ሒሳበይ መሊሱለይ። | 9. እቶም ፈላሲ ተዛሪቦም። |
| 5. ፍሩይቲ ዓይና መዒኣ። | 10. ኣብ ዓውዲ ፈላሲ የድሊ። |

## ፅሕፈት

መሊእኹም ፀሓፉ።

1) ሕንቅልሕንቅሊተይ __ ንእሽተይ ፈላሲት ተመላላሲት

__ ኣይፈልጣን ኣድርረኒ __ ብስጋ

## ምድማፅ

### ተኽልታት ከመይ ይሞቱ

ጉንዲ፣ ሱር፣ ቆፅሊ፣ ፍረ፣
ዕምበባ፣ ጨንፈር



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ህይ ወ ታ ዊ | | ኣውሒታት | |
| ም ም ጋብ | | ኣራንሺታት | |

## ዓርሰ ንባብ

### ዘገርም ተፈጥሮ



ተኽሊ ዘየቋርፅ ተግባራት ኣለዉዎ::ነዞም ተግባራት ብኣርባዕተ ኣካላቱ ይፍፅሞም:: ሱር፣ ጉንዲ፣ ቆፅልን ዕምበባን ኣካላቱ እዮም:: ሱር ተኽሊ ከይወድቕ ምስ ሓመድ ኣጣቢቑ ይሕዝ::ብተወሳኺ መዓድንን ማይን ካብ ሓመድ ይስሕብ:: ብምቕፃል ንጉንዲ የቐብል:: ጉንዲ ተቐቢሉ ናብ ቆፅሊ የሕልፍ:: ቆፅሊ ምግቢ የዳሉ:: ዕምበባ ድማ ተኽሊ ክራባሕ ይገብር::

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ኣካላት ተኽሊ ክንደይ እዮም? | 2. ተግባር ሱር እንታይ እዩ? |
| 3. ምግቢ ዘዳሉ እንታይ እዩ? | |

## ቃላት

| ፊደላት ወክሉ። |
|---|
| ሀ. እንታይ ይውክል? |
| ለ. እንታይ ይውክል? |
| ሐ. እንታይ ይውክል? |
| መ. እንታይ ይውክል? |




## 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ህይወት ና | | ክኢሉዎ | |
| ምድሳዉ ኩም | | ጀመረት | |



## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ዘገርም ተፈጥሮ

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ተኽልታት ብኸመይ ይራብሑ? | 2. ክፍሊ ኣካላት ተኽሊ ስኢልኩም ኣርእዩ። |
| 3. ንሕድሕድ ክፍሊ ኣካል ስም ፀሓፉሎም። | |



## ቃላት

| ምሉእ ሓሳብ ህነፁ። |
|---|
| 1. ሱር |
| 2. ጉንዲ |
| 3. ቆፅሊ |
| 4. ዕምበባ |



## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ኣካላት ተኽሊ ዘርዝሩ።

## 3ይ መዓልቲ



## ዳግም ምድማፅ

### ተኽልታት ከመይ ይሞቱ

| ኣካላት ተኽሊ፣ ጉንዲ፣ ሱር፣ ቆፅሊ፣ ዕምበባ፣ ፍረ፣ |
|---|

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ብር ሃን | | መፅሓፍ | |
| ሞይ ቶም | | ታህሰስ | |

## ዓርሰ ንባብ

### መጠን ተኽልታት





ኩሉም ተኽልታት ማዕረ ኣይኮኑን:: ኣብ መንጎኦም ኣፈላላይ ኣሎ:: ብብዙሕ መንገዲ ክፈላለዩ ይኽእሉ:: ግዝፈት ሓደ መፍለዪ እዩ:: ዓበይቲ፣ ማእኸለዎትን ኣናእሽተይን ይበሃሉ:: ንኣብነት ዳዕሮ፣ ኣውሒ፣ ኣውሊዕ፣ ፅሕዲ፣ ዓበይቲ እዮም:: ኣራንሺ፣ ክሊያ፣ ታህሰስ፣ ለሚን ኣብ ማእኸለዎት ይስርዑ:: ዳንዴር፣ ሳዕሪ ድማ ኣናእሽተይ ይብሃሉ::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ተኽልታት ብመጠኖም ኣብ ክንደይ ይኽፈሉ? | 2. ኣራንሺ ኣበየናይ ይምደብ? |
| 3. ተኽልታት ብምንታይ ይፈላለዩ? | |

## ቃላት

ጉጅሉ::

| ታህሰስ፣ ዳዕሮ፣ ዳንዴር፣ ተሓግ፣ ፅሕዲ፣ ለሚን፣ ዲማ፣ ክሊያ | |
|---|---|
| ማእኸለዎት | ኣናእሽተይ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| እግ ሮም | | ምፅባይ | |
| ጨን ፈር | | ይቋረፅ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### መጠን ተኽልታት

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ዳዕሮ ከመይ ዝበለ ተኽሊ እዩ? | 2. ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ተኽልታት ጥቐሱ:: |
| 3. እትፈልጥዎም ሓሙሽተ ዓበይቲ ተኽልታት ጥቐሱ:: | |

## ቃላት

ምሉእ ሓሳብ ህነፁ::

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ተኽሊ | 2. ኣናእሽተይ | 3. ገዘፍቲ | 4. መጠን |

## ፅሕፈት

| ፀሓፉ |
|---|
| ማእኸለዎት ተኽልታት ዘርዝሩ:: |

## ምድማፅ

ዕዮ ገዛ ምስ ወለዱ

ለሚን፣ ትርንጉ፣ ሙዝ፣ ሰላጣ፣
ቆስጣ፣ ካሮት፣ ጉፅ፣ ድንሽ



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ለ ሚ ን | | ቆስጣ | |
| ሰ ላ ጣ | | ገደና | |

## ዓርሰ ንባብ

ተኽልታት ንህፃናት



ህፃናት ተስፋ ፅባሕ ኢና። ብፅቡቕ ክንዓቢ ዝተመጣጠነ ምግቢ ንደሊ። ዝተመጣጠነ ምግቢ ጥዕናና ዝተሓለወ ይገብሮ። ዝተመጣጠነ ምግቢ ካብ ኣሕምልትን ፍረምረን ንረክብ። እዚ እንተ ዘይኮይኑ ዝተፈላለዩ ሕማማት ከጥቅዑና ይኽእሉ። ስለዚ ጥዕናና ሕሉው ክኸውን ኣለዎ። ነዚ ድማ ወለድና ሓላፍነት ኣለዎም። ኣሕምልትን ፍረምረን ክቐርቡልና ይግባእ።

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ተስፋ ፅባሕ መን እዩ? | 2. ንኽንዓቢ እንታይ የድልየና? |
| 3. ረብሓ ዝተመጣጠነ ምግቢ ግለፁ:: | |

## ቃላት

ጕጅሉ::

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
|  |  |  |  |  |  |

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ለሚን፣ | ሰላጣ፣ | ሙዝ፣ | ቆስጣ፣ | ፓፓየ፣ | ካውሎ |
| ኣሕምልቲ | | | ፍረምረ | | |
| | | | | | |

## 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ብ ፅቡቕ | | ካብስራሕ | |
| ን ወዲ | | ናብገዝኡ | |



## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ተኽልታት ንህፃናት

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ዝተመጣጠነ ምግቢ ካበይ ይርከብ? | 2. ሓላፍነት ዘለዎ መን እዩ? |
| 3. ፍረምረ ዘይበልዕ ህፃን እንታይ ይኸዉን? | |



## ቃላት

| ዝጎደለ ቃል መልኡ። | | | |
|---|---|---|---|
| ዝተመጣጠነ | ምግቢ | ሕማም | ንደሊ |

1. ምግቢ ካብ __________ ይከላኸል።
2. ኩላትና ዝተመጣጠነ ምግቢ __________።
3. ህፃናት ዝተመጣጠነ __________ የድልየና።
4. ከይንሓምም__________ ምግቢ ንመገብ።



## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ኣብቲ ስእሊ ዘለዉ ቆልዑ ብምርኣይ ኣፈላላዮም ፀሓፉ።



## ዳግም ምድማፅ

### ዕዮ ገዛ ምስ ወለዲ

| |
|---|
| ጥቕሚ፣ ክትትል፣ ፍረምረ፣ ኣሕምልቲ፣ ካውሎ፣ ፓፓየ፣ ኣራንሺ፣ ሱር፣ ጉንዲ፣ ቆፅሊ፣ ዕምበባ |



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ክ ት ትል | | ምልያ | |
| ጉን ዲ | | መንደሪን | |



## ዓርሰ ንባብ

### ኣካላት ተኽሊ




ተኽሊ ንምግቢ ሰብን እንስሳን የገልግል። ተኽሊ ዝተፈላለዩ ኣካላት ኣለውዎ። እዞም ኣካላት ሱር፣ ጉንዲ፣ ቆፅልን ዕምበባን ይባሃሉ። ቆፅሎም ዝብልዑ ተኽልታት ሓምሊ፣ ቆስጣ፣ ሰላጣ፣ ካውሎ ይበሃሉ። ሱሮም ዝብላዕ ድማ ካሮትን ቀይሕ ሱርን እዮም። ጉንደም ካብ ዝብልዑ ቃንጫ ሸኮር ይርከብዎም። ፍረኦም ዝብልዑ ለሚን፣ ሙዝ፣ኣራንሺ፣ ዝመሳሰሉን እዮም።

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኣካላት ተኽሊ ዘርዝሩ:: | 2. ጉንዶም ካብ ዝብልዑ ክልተ ጥቐሱ:: |
| 3. ሕብሪ ካሮት ግለፁ:: | |

## ቃላት

| ምረፁ:: |
|---|
| 1. ፍረምረ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?<br>ሀ. ለሚን ለ. ፓፓየ ሐ. ቆስጣ<br>2. ሙዝ እንታዩ ይብላዕ?<br>ሀ. ቆፅሉ ለ. ጉንዱ ሐ. ፍርኡ<br>3. ቆፅሉ ዝብላዕ ኣየናይ እዩ?<br>ሀ. ድንሽ ለ. ካውሎ ሐ. ለሚን<br>4. ኣብሲልካ ዝብላዕ ሕረዩ::<br>ሀ. ኣራንሺ ለ. ቆስጣ ሐ. ድንሽ |

# 4ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ዕምበባ ይ | | ተኽሊታት | |
| ሓምሊ ኻ | | ፍረታት | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ኣካላት ተኽሊ

| ሕቶታት መልሱ ። | |
|---|---|
| 1. ሕብሪ ቆስጣ ግለፁ | 2. ዝብልዑን ዘይብልዑን ተኽልታት ጥቐሱ። |
| 3. መልእኽቲ እቲ ንባብ እንታይ እዩ? | |

## ቃላት

ስእሊ ኣዛምዱ።

| ሀ | 1.ጉንዱ ዝብላዕ | 2.ሱሩ ዝብላዕ | 3.ቆፅሉ ዝብላዕ | 4.ፍርኡ ዝብላዕ |
|---|---|---|---|---|
| ለ | ሀ.  | ለ.  | ሐ.  | መ.  |

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ተኽልታት ገደና ዝብሃሉ ዘርዝሩ።

## ምድማፅ



### ምልማዕ ተኽሊ



| ዓምበብቲ፣ ፈረይቲ፣ ኳዕቲ፣ ፈልሲ፣ ፃህያይ፣ ልምዓት |
|---|

## ምጥማር/ ምንፃል



| ጥመሩ | | ነፃሉ | |
|---|---|---|---|
| ፃዕ ሪ | | ክንክን | |
| ፈል ሲ | | ልምዓት | |

## ዓርሰ ንባብ



### ክንክን ተኽሊ



ተኽሊ ንኽለምዕ ክንክን የድልዮ። ብእዋኑ ማይ ክሰቲ ይግባእ። ኮስኳስን ሓለዋን ክፍለዮ የብሉን። ብሓፁር እውን ክሕፀር ኣለዎ። ብኽምዚ መንገዲ ንከናኽኖ።
ክንክን ዝተገበሮ ተኽሊ ብፅቡቕ ይዓቢ። ድሕሪኡ ብዙሕ ረብሓ ኣለዎ። ኩላትና ካብ ተኽሊ ተረባሕቲ ኢና። ስለዚ ኩሉ ግዜ ተኽሊ ንከናኽን።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ተኽልታት ብኸመይ ንከናኸኖም? | 2. ክንክን ዝተገበረሉ ተኽሊ እንታይ ይኸውን? |
| 3. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ዘለዉ ተኽልታት ዘርዝሩ። | 4. ተኽሊ ብእንስሳ ከይብላዕ እንታይ ንገብር? |

## ቃላት

| ባዶ ቦታ መልኡ። |
|---|
| ክንክን፣ ይዓቢ፣ ተኽሊ፣ ሓላፍነት |

1. ተኽሊ ንኽለምዕ ___ የድልዮ።
2. ክንክን ዝተገበረሉ ተኽሊ ብዕቡቕ ___ ።
3. ___ንወዲ ሰብ ረብሓ ይህብ።
4. ምክንኻን ተኽሊ ናይ ኩሉ ___ እዩ።

## 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ቃ ላት | | ዓንበብቲ | |
| ለ ሚን | | ጣቐዒት | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ክንክን ተኽሊ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ተኽሊ እንታይ ረብሓ ኣለዎ? | 2. ክንክን ዘይብሉ ተኽሊ እንታይ ይኸውን? |
| 3. እቲ ምንባብ ብዛዕባ እንታይ ይዝንትው? | |

## ቃላት

ምሉእ ሓሳብ ህነፁ::

1. መረባ  2. ሓፁር  3. ግቡእ  4. ኣገዳሲ

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ተኽሊ ንምልማዕ ዘድልዩና ናውቲ ዘርዝሩ::

## 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

### ምልማዕ ተኽሊ

ሓምለዋይ፣ ተኽልታት፣ ክንክን፣ ሕርሻ፣ ምስታይ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ምስ ታይ | | ማንጎ | |
| ምሕ ፃር | | ኣራንሺ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ረብሓ ምልማዕ ተኽሊ



ተኽሊ ምልማዕ ብዙሕ ረብሓ ኣለዎ:: ንምግብነት ሰብን እንስሳን ይውዕል:: እዚ ጥራሕ ኣይኮነን:: ንመፅለሊ እውን ይኸውን:: መመላኽዒ መረባ ኮይኑ የገልግል:: መሬት ብውሕጅ ከይጉሕጓሕ ብሰራውሩ ይሕዝ:: በዚ ምኽንያት ፅቡቕ ኣየር ክህሉ ይገብር:: ምስተቖረፀ ድማ ንመስርሒ ገዛ ይኸውን::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. መሬት ብውሕጅ ከይጉሕጓሕ ብኸመይ ንከላኸሎ? | 2. ተኽሊ ንመስርሒ ገዛ ዝውዕል መኣዝ እዩ? |
| 3. ምልማዕ ተኽሊ ዝህቦ ረብሓ ግለፅ:: | |

## ቃላት

| ብጥቕሞም ኣዛምዱ:: | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ | | | |
| 1. ንመስርሒ ገዛ | 2. ንመድሓኒት | 3. ንመልክዕ ከባቢ | 4. ንምግብነት |
| ለ | | | |
| ሀ. ኣራንሺ | ለ. ፅንበባ | ሐ. ቀላሚጦስ | መ.ጨናኣዳም |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ን መፅለሊ | | ብኣየር | |
| ብ ውሕጅ | | ምስፅሩይ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ረብሓ ምልማዕ ተኽሊ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ዝናብ ኣብ ዝዘንበሉ እዋን እንታይ ይፍጠር? | 2. ተኽሊ ምቑራፅ እንታይ ጉድኣት ኣለዎ? |

## ቃላት

| ስም ፀሓፉ:: | | | |
|---|---|---|---|
|  |  |  |  |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ተኽልታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ምትካል ዘለዎ ረብሓ ግለፁ::

## ምድማፅ

### ጣብያ ጥዕና



ፅርየት፣ ፅርየት ውልቀ ፣ ጥዕና፣ ሕማም፣ ሳሙና፣ ማይ፣ ምሕፃብ፣ ጣብያ ጥዕና፣ ርስሓት፣ ባልዕ፣ ኣካላት፣ ክዳን፣

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ዓ በቕ | | ባፅልኻ | |
| ው ፅ ኣት | | ምሕላው | |

## ዓርሰ ንባብ

### ጉድለት ፅርየት





ብጉድለት ፅርየት ዝመፁ ሕማማት ኣለዉ:: ካብዚኦም ዓበቕ፣ ውፅኣትን ትራኮማን ምጥቃስ ይከኣል:: ውፅኣት ብደቀቕቲ ሓሳኹ ይመፅእ:: ዓበቕ ብርስሓት ይፍጠር:: ሕማም ዓይኒ ብሃመማ፣ ሓመድን ዶሮናን ይመፅእ:: ኩሎም ብጉድለት ፅርየት ይመፁ:: ስለዚ ካብዚኦም ነፃ ንምኳን ፅርየት ውልቀ ክንሕሉ ይግባእ::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ዓበቕ ብምንታይ ይመፅእ? | 2. ትራኮማ ናይ ምንታይ ሕማም እዩ? |
| 3. ከይንሓምም እንታይ ንግበር? | |

## ቃላት

| ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ:: | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ሀ | | | | |
| 1. ውፅኣት | 2. ዓበቕ | 3. ደሮና | 4. ሃመማ | 5. ደቀቕቲ |
| ለ | | | | |
| ሀ. ኣወራ | ለ. ኣናእሽተይ | ሐ. ተቕማጥ | መ. ሓፈው | ረ. ፅንፅያ |

# 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ዝ መፁ | | ብጉድለት | |
| ብ ሓመድ | | ዘይሓለወ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ጉድለት ፅርየት

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ብሓመድን ብሃመማን ዝመፅእ ሕማም ጥቐሱ:: | 2. ሰብ እንተሓሚሙ እንታይ ክገብር ኣለዎ? |
| 3. ዝሓመመ ሰብ እንታይ ምልክት ኣለዎ? | |



## ቃላት

### ሓረኹም መልኡ፡፡

1. ተምሃራይ ፅርየቱ ___ /ሓሊዉ፣ ሓለዋ/
2. ዓይኑ ___ /ሓሚመ፣ ሓሚሙ/
3. ንሱ ክዳኑ ___ / ሓፂቡ፣ ሓፂባ/
4. ዓበቓ ___ /ረጊፉላ፣ ረጊፉሉ/
5. እቲ ወዲ ኣስናኑ___ /መዊፁ፣ መዊፃ/



## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ኣብ መንጎ ፅሬት ውልቀን ፅሬት ከባብን ዘሎ ኣፈላላይ ግለፁ፡፡

## 3ይ መዓልቲ



## ዳግም ምድማፅ

### ጣቢያ ጥዕና

ፍታን፣ ሰውነት፣ ቡሩሽ፣ መወፅ፣ ጨጉሪ፣ ቅድሚ ምግቢ፣ ድሕሪ ምግቢ፣ መማረፅታት፣ ኣምቡላንስ



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ማይ ካ | | ጣብያኦም | |
| ክዳን ኩም | | ጥዕናና | |

## ዓርሰ ንባብ

### ዝተማልአ ጥዕና



ፅርየት ውልቀ ምሕላው ኣገዳሲ እዩ። ኩሉ ሰብ ውልቀ ፅርየቱ ክሕሉ ኣለዎ። ፅርየት ውልቀ ክዳንን ሰውነትን ብምፅራይ ይርከብ። ፅርየትና ብማይን ሳሙናን ንሕሉ። ዝተሓፀበ ክዳን ምስትራር ፅርየት ምሕላው እዩ። ፅርየቱ ዝሕሉ ሰብ ዝተማልአ ጥዕና ኣለዎ። ስለዚ ጥዕናና ክሕሎ ፅርየትና ንሓሉ።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ውልቀ ፅርየት ክሕሉ ዘለዎ መን እዩ? | 2. ውልቀ ፅርየት ብኸመይ ይርከብ? |
| 3. ክዳን ምስትራር እንታይ ይጠቅም? | |

## ቃላት

| |
|---|
| ብቕደም ሰዓብ ፀሓፉ። |

ምሕፃብ፣ ምስትራር፣ ምንቃፅ፣
ምስጣሕ፣ ምርሳሕ፣ ምፅማቑ

## 4ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ፅርየት ክን | | ክዳንና | |
| ሰውነት ና | | ፅርየትና | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ዝተማልአ ጥዕና

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ማይን ሳሙናን ንምንታይ ይጠቕሙና? | 2. ፅርየትና እንተሓሊና እንታይ ንኸውን? |
| 3. ናይቲ ንባብ መልእኽቲ እንታይ እዩ? | |

## ቃላት

| ሓረኹም መልሱ:: | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ፅርየትና | ኣእዳውና | ቁማል | ብምፅራይ | ዓጊፍና |

1. ኩሉሻብ _______ ክንሕፀብ ኣለና::
2. ፅርየት ዘይብሉ ክዳን _______ ይፈጥር::
3. ብማይን ብሳሙናን _______ ክንሕሉ ንኽእል::
4. ፅርየት ውልቀ ሰውነትና ክዳንና _______ ይርከብ::
5. ክዳንና ብምስትራር _______ ክነቐምጦ ኣለና::

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ጥዕና ንምሕላው እንታይ እንታይ ክንገብር ከምዘለና ብዝርዝር ፀሓፉ::



## ምድማፅ

### ዋዕላ እንስሳት



ፅርየት፣ ጐሓፍ፣ ጉድጓድ፣ ምቅፃል፣ ክዅዕቱ፣
ምፅሕታር፣ ብርጭቆ፣ ሽሓነ፣ ዕትሮ፣ ጎፍላ፣



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ሽ ሓ ነ | | ዕትሮ | |
| ጎፍ ላ | | ገንቦ | |



## ዓርሰ ንባብ

### ኣቑሑ ገዛ

ኣቑሑ ገዛና ብፅርየት ንሓዞም። ምኽንያቱ ንግልጋሎት ማይን ምግብን ስለ ዝውዕሉ። ንማይ ዘገልግሉና ታኒካ፣ ብርጭቆ፣ዕትሮን ጀሪካንን እዮም። ንመቐረቢ ምግቢ ዘድልዩና ሽሓነ፣ ቢያቲን ጎፍላን ዝበሉ እዮም። ነዚኦም ብማይን ብሳሙናን ሓፂብና ነፅርዮም። ፅርየት ኣቑሑና እንተሓሊና ጥዕናና ሕሉው ይኸውን።







| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ንማይ መስተዪ ዝኸኑ ኣቑሑ ዘርዝሩ:: | 2. ቢያቲ ንምንታይ ይጠቅም? |
| 3. መትሓዚ ማይ ኣቑሑ ዘርዝሩ:: | 4. ኣቑሑ ብምንታይ ንሓፅቦም? |

## ቃላት

| ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ:: | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ሀ | | | | |
| 1. ክቃልዑ | 2. ግደፍዮ | 3. ጌጋ | 4. ብሓባር | 5. ኣመል |
| ለ | | | | |
| ሀ. ሕደግዮ | ለ. ብሓደ | ሐ. ስሕተት | መ. ክጋለፁ | ረ. ባህርይ |

# 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ብ ወገኑ | | ዝፃሕተረ | |
| ዝ ተልዓለ | | ብጉድጓድ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ኣቑሑ ገዛ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ብርጭቆ ንምንታይ ይጠቅም? | 2. ጥቕሚ ጎፍላ እንታይ እዩ? |
| 3. ኣብ ገዛኹም ዘለዉ ኣቑሑ ዘርዝሩ:: | 4. ፅርየት ኣቑሑ ብኸመይ ትሕልዉ? |

## ቃላት

| ስም ፀሓፉ:: | | | | |
|---|---|---|---|---|
|  |  |  |  |  |

## ፅሕፈት

**ፀሓፉ**

ግልጋሎት ኣቑሑ ገዛ ፀሓፉ::

# 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

**ዋፅላ እንስሳ**

ከልቢ፣ ድሙ፣ ላሕሚ፣ ደርሆ፣ ኣመል፣ መኹስተር፣ መረባ፣ ሽቓቕ፣ ክሽነ፣ ደንበ፣ ቀፅሪ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ን ሓ ፍ | | ወሰንቲ | |
| ከ ባ ቢ | | መረባና | |

## ዓርሰ ንባብ

### መረባና



ፅርየት ንጥዕናና ወሳኒ እዩ። ገዛን ከባብን ብፅርየት ምሓዝ የድሊ። ምድሪ ቤትን መረባን በብ እዋኑ ክነፅርዮም ይግበኣና። መንደቕ ገዛናውን ክንክን ፅርየት ክፍለዮ የብሉን። ኩሉሻብ ክኹስተሩ፣ ክውልወሉ ኣለዎም። ንመዋህለሊ ጎሓፍ ጉድጓድ ምድላው የድሊ። ብድሕሪኡ ዝተኣከበ ጓሓፍ ናብኡ ብምእካብ ክንቀብሮ ኣለና።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ከባቢና ንምንታይ ነፅሪ? | 2. ኣብ ጉድጓድ ዝተኣከበ ጓሓፍ እንታይ ንገብሮ? |
| 3. ኣፈላላይ ፅሩይን ዘይፅሩይን መረባ ግለፁ። | 4. ኣብ መንጎ ገዛናን ከባቢናን ዘሎ ኣፈላላይ ግለፁ። |

## ቃላት

| ሓረኹም መልኡ። | | | |
|---|---|---|---|
| 1) ሰላማዊት ኣቑሑ ___ | ሀ. ሓፂቡ | ለ. ሓፂባ | ሐ. ሓፂበን |
| 2) ፍቃዱ ጉድጓድ ___ | ሀ. ኩዒታ | ለ. ኩዒተ | ሐ. ኩዒቱ |
| 3) ___ ብሽሓነ ምሳሕ በሊዓ። | ሀ.ንሳ | ለ. ንሱ | ሐ. ንሳተን |
| 4) ተምሃሮ ክፍሎም ___ | ሀ. ፀሪገ | ለ. ፀሪጉ | ሐ. ፀሪጎም |
| 5) ዓወት ዕዮ ገዛ ___ | ሀ. ሰሪሐ | ለ. ሰሪሑ | ሐ. ሰሪሖም |



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| መረባ ታት | | ብድሕሪት | |
| ደንበ ታት | | መዋህለሊና | |



## ዳግም ዓርሰ ንባብ

መረባና

| ሓቂ ወይ ጌጋ በሉ፡ | |
|---|---|
| 1. ፅርየት ውሽጢ ገዛና ምሕላው ይግበኣና:: | 2. ጉሓፍ ምቅፃል ኣየድልን:: |
| 3. ገዛናን መረባናን ብእዋኑ ክነፅርይ ኣለና:: | 4. ፅርየት ንጥዕናና ወሳኒ ኣይኮነን:: |



## ቃላት

| ለውጡ | | | |
|---|---|---|---|
| ኣብነት፡- ገፅ = ገፃት 1.ሳሙና | 2.ከባቢ | 3.ጀሪካን | 4.ድሙ |



## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ምፅራይ መረባና እንታይ ረብሓ ኣለዎ?



## ምድማፅ

ሰኣን ምኽሪ



| |
|---|
| ፅፉፍ፣ ምግቢ፣ ምብሳል፣ ምፍላሕ፣ መረቕ፣ ዓሲው፣ ተበላሺዉ |



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ምግ ቢ | | ዝሑል | |
| ሕ ጉ ሳት | | መቐረት | |



## ዓርሰ ንባብ

ፅፉፍ ምግቢ



ስመይ ኤደን ተኽስተ ይብሃል:: ጓል ሸሞንተ ዓመት እየ:: ወዲ ሽዱሽተ ወርሒ ሓው ኣለኒ:: ኣዴና ንዓና ኣዐርያ ትሓስበልና:: ኩሉ ግዘ ብማይን ብሳሙናን ተሓፂባ ምግቢ ትቕርበልና:: ፅፉፍ ምግቢ ኣብ ፅሩይ ኣቕሓ ትህበና:: በዚ ድማ ኣካላትና ድልዱል ኮይኑ:: ንሕማም እውን ተቓሊዕና ኣይንፈልጥን:: ሕጉሳትን ጥዑያትን ኮይንና ንነብር ኣለና::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኤደን ጓል ክንደይ ዓመት እያ? | 2. ኤደን ንምንታይ ንሕማም ዘይተቓለዐት? |
| 3. ሓው ኤደን ወዲ ክንደይ ወርሒ እዩ? | 4. ንኤደን መን እዩ ዝሓስበላ? |

## ቃላት

ኣቃንዑ::

ኣብነት ጉሕስ = ሕጉስ

1. ወሒር
2. ኣናዴ
3. ቐሓኣ
4. ግቢም
5. ዙሕብ

# 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ከይ ወዓሉ | | ምሕማቕ | |
| ስለዝ መፀ | | ዝዓሰወ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ፅፉፍ ምግቢ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ፅፉፍ ምግቢ እንታይ ማለት እዩ? | 2. ፅፉፍ ምግቢ እንታይ ረብሓ ኣለዎ? |
| 3. ኣብቲ ታሪኽ ተሳተፍቲ እንመን እዮም? | |

## ቃላት

| ምሉእ ሓሳብ ህነፁ:: | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ሕጉስ | 2. ጥዑይ | 3. ፅሩይ | 4. ሕሙም |
| | | | |

## ፅሕፈት

**ፀሓፉ**

ምግቢ ዝበላሸው እንታይ ክኾን እንተሎ እዩ?

## 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

**ሰኣን ምኽሪ**

ዝተበላሸወ፣ ሙቀት፣ ፅሩያት፣ ሕማም፣
ኣቑሑ፣ ዝዓሰወ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ን ብዙሕ | | ብኣካል | |
| ብ ተወሳኺ | | ተሰሪሒ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ፅርየት ዝጎደሎ ምግቢ



ምግቢ ብጉድለት ኣተሓሕዛ ክበላሾ ይኽእል:: ተሰሪሑ ንብዙሕ እዋን ክፀንሕ ከሎ ይበላሾ:: እዙይ ምግቢ ዝበላሸወሉ ሓደ ምኽንያት እዩ:: ሙቐት ኣብ ዘለዎ ቦታ እንትቕመጥ እውን ይበላሾ:: ብተወሳኺ ፅርየቶም ብዘይሓለዉ ኣቑሑ ክበላሾ ይኽእል:: ዝተበላሸወ ምግቢ ንሕማማት የቃልዕ:: ስለዚ ምግቢ ከይበላሾ ግቡእ ጥንቃቐ ንግበር::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ዝተበላሸወ ምግቢ ንምንታይ የቃልዕ? | 2. ምግቢ ከይበላሾ ኣብ ምንታይ ነቕምጦ? |
| 3. ተሰሪሑ ንብዙሕ እዋን ዝፀንሐ ምግቢ እንታይ ይኸውን? | |

## ቃላት

| ብቕደም ሰዓብ ኣቕምጡ:: |
|---|
| ይጥሓን፣ ይፅፀ፣ ይስንክት፣ ይልወስ፣ ይብላዕ፣ ይበኵዕ |

## 4ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ሕማም ና | | ምግቢታት | |
| ተቓሊሰ ን | | ቦታታት | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ፅርየት ዝጎደሎ ምግቢ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ዘይፀረዩ ኣቑሑ ንምግቢ እንታይ ይገብርዎ? | 2. እቲ ፅሑፍ ብዛዕባ እንታይ ይዝቲ? |

## ቃላት

ዝጎደለ ፊደል መልኡ::

1. ብ - ሕ (ዙ. ዘ)
2. እዋ - (ነ. ን)
3. ግቡ - (እ. ኤ)
4. ዝ - ል ( ሐ.ሑ)

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ምግቢ ከይበላሾ ክንገብሮም ዝግቡኡ ጥንቃቐታት ፀሓፉ::

## ምድማፅ

### ዓይነታት እንስሳት ዘገዳም



ኣንበሳ ፣ ነብሪ፣ ሓርማዝ፣ ሊሎ፣ ዓሳ፣ ተመን፣ ገበል

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ቡ ኳር ያ | | ሰስሓ | |
| ፍ ጡ ራት | | ማንቲለ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ምስሞትካ ዶ ይብላዕ



ኣንበሳን ነብርን ብሓደ ይነብሩ ነበሩ:: ሓደ መዓልቲ ንዝብኢ ረኺቡዎ:: ምስኣቶም ማሕበር ክኣቱ ለመኑዎ:: ንሱ ድማ ፍቓደኛ ምዃኑ ገለፀሎም:: ፅንሕ ኢሎም ንዝብኢ ክሓርድዎ ሓሰቡ::እግሪ ሕልፊ ንዝብኢ ክውሃብ ወሰኑ:: ዝተረፈ ማዕረ ንሰለስቲኦም ክማቐሉ ተረዳድኡ:: ዝብኢ ሕልፊ ብምርካቡ ተሓጐሰ:: ፅንሕ ኢሉ ንቡኳርያ ከማኽራ ከምዝደሊ ነገሮም:: በዚ ተስማዕምዑ:: ዝብኢ ናብ ቡኳርያ ከደ:: ኣንበሳን ነብርን ዝበልዎ ኩሉ ነገራ:: ምስ ሞተ ኣበይ ኮይኑ ከም ዝበልያ ኣግረመላ:: በዚ ድማ ኪር ኪር ኢላ ስሓቐት::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ማሕበር ክኣቱ መን ተለሚኑ? | 2. ንዝብኢ መን ለሚኑዎ? |
| 3. ዝብኢ ንምንታይ ተሓጒሱ? | 4. ኣንበሳን ነብርን ምስ ዝብኢ እንታይ ተሰማዕሚዖም? |

## ቃላት

| ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ:: | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| "ሀ" | | | | | |
| 1. ሕልፊ | 2. ማዕረ | 3. ምቅላዕ | 4. ተሰማዕምዑ | 5. ኣግሪሙላ | |
| "ለ" | | | | | |
| ሀ. ተሳነዩ | ለ. ምግላፅ | ሐ. ደንጊዩዋ | መ. ዝያዳ | ረ. ቀንጪ | ሰ. ምኽዳን |

## 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ሓር ገፅ | | ግብሪ | |
| መን ፈር | | ማሕበር | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ምስሞትካ ዶ ይብላዕ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ቡኺርያ ንምንታይ ስሒቓ? | 2. መማኸሪ ዝብኢ መን እዩ? |
| 3. ተሳተፍቲ እቲ ታሪኽ መነመን እዮም? | 4. ካብዚ ታሪኽ እንታይ ትመሃሩ? |

## ቃላት

| ምሉእ ሓሳብ ህነፁ። | |
|---|---|
| 1. ጠረጴዛ | 4. ኢትዮጵያ |
| 2. ኩስሚ | 5. ቴሌቪዥን |
| 3. ኵስኵሰ | |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ብዛዕባ ዝብኢ እትፈልጥዎ ፀሓፉ።

## 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

ዓይነት እንስሳት ዘገዳም

መሓውር፣ሰጐምቲ፣ ተስሓብቲ፣ በረርቲ፣ ሓመስቲ፣
ከብዲ፣ መንፈር፣ ፅፍሮም፣ ኣፎም

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ከም ዝደሊ | | ንረብሓ | |
| ከይ ተፅድፎ | | ብመንፈር | |



## ዓርሰ ንባብ

### ተንኮለኛ ሽላ



ቡኺርያን ሽላን ነበሩ። ቡኺርያ ስጋ እናምፅአት ኣቐሚጣ ትኽይድ። ሽላ ብድሕሪኣ መጺኡ ነቲ ስጋ ይወስዶ። ቡኺርያ ብግብሪ ሽላ ሓረቐት። ሓደ መዓልቲ ቡኺርያ ተንኮል ሓሰበት፤ ስጋ ኣምጺኣ ተሓቢኣ ፀንሐት። ሽላ ከምኣመሉ ስጋ ክወስድ እትው በለ። ቡኺርያ ሕንቑ ኣቢላ ሓዘቶ። ሽላ ናብ ገደል ከይተፀድፎ ናብ ሓዊ ግና ክተእትዎ ለመና። ቡኺርያ ብህልኸ ናብ ገደል ደርበየቶ። ሽላ ብተንኮሉ በሪሩ ኣምለጠ።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ስጋ መን ኣቐሚጡ? | 3. ሽላ ንቡኺርያ እንታይ ኢልዋ? |
| 2. ስጋ መን በሊዑ? | 4. ቡኺርያ ንምንታይ ሓሪቓ? |



## ቃላት

| ቃላት መስርቱ። | | |
|---|---|---|
| ለ | በ | ደ |
| ሓ | ረ | ቐ |
| ሰ | ቀ | ለ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| እና ኣምፅአ | | ይኸዱ | |
| ብ ምጭጫሕ | | ዝበረረ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ተንኮለኛ ሽላ

| ሕቶታት መልሱ፡፡ | |
|---|---|
| 1. ኣብቲ ታሪኽ ዝተሳተፉእንመን እዮም? | 2. ኣብ መወዳእታ ቡኺርያ እንታይ ገይራ? |
| 3. ካብዚ ታሪኽ እንታይ ትመሃሩ? | |

## ቃላት

| ለውጡ | |
|---|---|
| 1. ቅርፅታት = ቅርፂ | 4. ገዘፍቲ = |
| 2. በረርቲ = | 5. ኣካላት = |
| 3. ሰጉምቲ = | 6. እንስሳት = |

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ተንኮል ይጉድእ ዶ ይጠቅም? ምኽንያት ግለፁ፡፡



## ምድማፅ

ፀባ ጡብ







ዝብኢ፣ ቡኺርያ፣ ለኺኹቶ፣ መጥበውቲ፣ ፀባ ጡብ፣ ህበይ፣ ወዓግ



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ብ ሓደ | | ምስህበይ | |
| ዝ ጐጀለ | | ንኣንበሳ | |



## ዓርሰ ንባብ

ክፍእቲ ፍጥረት







ኣዕዋፍን ኣናፁን ተበኣሳ:: ለኺኹቶ ብባእሰን ተሓጒስት:: ሽማግለ ኮይና ክትዓርቖ ሓተተት:: ንሳተን ድማ ፈቐዳላ:: ናብ ኣዕዋፍ ከይዳ ሓፍታተን ምኻና ነገረተን:: ንመረጋገፂ መንፈር ኣርኣየተን:: ናብ ኣናፁ ከይዳ ኣስናናን ኣጥዋታን ኣርኣየተን:: በዚ ተበሊፃ ዝገደደ ክባኣሳ ገበረት:: ንሳተን ድማ ተንኮል ለኺኹቶ ተዓዘባ:: ኣናፁን ኣዕዋፍን ዳግም ከይትምለሰን ኣባረራኣ:: ብምኽንያት እዚ ንበይና ትነብር ኣላ::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ባእሲ ኣብ መንን መን ተፈጢሩ? | 2. ክፍእቲ ዝተብሃለት መን እያ? |
| 3. ለኚኹቶ ንምንታይ ተሓጉሳ? | 4. ለኚኹቶ ምስመን ትምደብ? |

## ቃላት

| ምረፁ:: |
|---|
| 1. ኣዕዋፍን ኣናፁን __:: (ተባኢሶም, ተባኢሰን) |
| 2. ለኚኹቶ __:: (ተሓጕሰት , ተሓጕሰን) |
| 3. ኣነ እንተዝኽውን __:: (ምዓረቐት, ምዓረቕኩ) |

# 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ከይ ጠበወ | | ብዝብኢ | |
| ብ ኣዶ | | ንነብሪ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ክፍእቲ ፍጥረት

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ተሳተፍቲ እዚ ታሪኽ ዘርዝሩ:: | 2. ክትዓርቐ መን ሓቲታ? |
| 3. ነቲ ታሪኽ ብፅሑፍ ግለፁ:: | 4. ካብዚ ታሪኽ እንታይ ትመሃሩ? |

## ቃላት

| ለውጡ:: | |
|---|---|
| ኣብነት፡- ዒፍ-ኣዕዋፍ | |
| 1. ኣንጭዋ | 2. ስኒ |
| 4. ጡብ | 4. ለኺኹቶ |

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ኣብ መንጎ አናፁን ለኺኹቶን ዘሎ ኣፈላላይ ዘርዝሩ::

## 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

### ፀባ ጡብ

| |
|---|
| ሳዕሪ፣ ስጋ፣ ተመገብቲ፣ ዓልየት፣ ተጎጂለን፣ ማንቲለ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ቃ ውጭ | | መኸሪጉ | |
| ኮር ኮር | | ዓኹቱ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ቃውጭ ኵርኩር ኮይና



ቃውጭ ውላድ ህበይ እያ። ኵርኩር ድማ ውላድ ከልቢ እያ። ዘገርም ነገር ግና ተፈጢሩ ። ኣብ ሓደ በረኻ ባርዕ ተላዒሉ። ኣህባይ ውነአን ኣጥፊአን ሃደማ። ሓንቲ ቃውጭ ግና በይና ወዲቓ ቀረየት። ዕንፀይቲ ዝኣርያ ሓንቲ ኣዶ ረኣየኣ። ሓቝፊን ናብ ገዛ ወሰድኣ። ሓራስ ከልቢ ነበረተን። ምስኣ ክትለምድ ገበራ። ቀስ ብቐስ ምስቶም ኮራኹር ምጥባው ጀመረት። ከምኡ እናበለት ድማ ፀባ ከልቢ ጠቢዋ ዓበየት።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. እታ ውላድ ህበይ እንታይ ትበሃል? | 2. ነታ ቃውጭ መን ወሰዳ? |
| 3. ኣብ በረኻ እንታይ ተላዒሉ? | 4. ቃውጭ ብምንታይ ዓብያ? |

## ቃላት

| ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ። | |
|---|---|
| ሀ | ለ |
| 1. ከልቢ | ሀ. ቃውጭ |
| 2. ህበይ | ለ. ዒሉ |
| 3. ድሙ | ሐ. ኵርኩር |
| 4. ኣድጊ | መ. ዋንጭል |
| 5. ወዓግ | ረ. ዕዋል |
| | ሰ. ማሕሲእ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ርሒቑ ን | | ቀረየት | |
| ነበረ ሉ | | ወሰደታ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ቃውጭ ኮርኮር ኮይና

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኮርኮር ናይ መን ወላድ እዩ? | 2. ናይቲ ታሪኽ ተሳተፍቲ እንመን እዮም? |
| 3. ካብቲ ታሪኽ እንታይ ትመሃሩ? | |

## ቃላት

| ለውጡ:: | |
|---|---|
| ኣብነት:- ህበይ = ኣህባይ | |
| 1. ኣዶ | 4. ቃውጭ |
| 2. ሓራስ | 5. ከልቢ |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ኣፈላላይ ህበይን ከልብን ግለፁ::

# ሰሙን 18



## ምድማፅ

### ፈሪሓ እተፍርሕ



ወጋእቲ፣ ነኸስቲ፣ መረዝቲ፣ በላዕቲ፣
ተመን፣ መፍለስ፣ ንጉት



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| በዚሖ ዎ | | ጉበጠት | |
| ዘድሊ ያ | | ፀመቐት | |



## ዓርሰ ንባብ

### ዕትሮን ተመንን



ሓደ እዋን ኣስቴር ኣብ ሳዕሪ ዕትሮ ረኣየት:: ናብቲ ዝረኣየቶ እናጉየየት ከደት:: ነቲ ዕትሮ መቐመጢ ዕምበባ ደለየቶ:: ኣልዕል ኣበለቶ:: ኣብ ውሽጡ ፂዕ ፂዕ ዝብል ድምፂ ሰምዐት:: ደንጊፃ ኣብ ዝነበሮ ኣቐመጠቶ:: ሓደ ዝሓልፉ ሰብኣይ እንታይ ከም ዘደንገፃ ሓተቱዋ:: ዝሰምዓቶ ድምፂ ከም ዘደንገፃ ገለፀትሎም:: ነቲ ዕትሮ ንቕንቕ ምስ ኣበሉዎ እቲ ተመን ወፂኡ ከደ:: እቶም ሰብኣይ ሳዕሪ ኣብ ዝበዝሖ ቦታ ምጥንቃቕ ከምዘድሊ ምኽሮም ለገሱላ::

| ሕቶታት መልሱ፡፡ | |
|---|---|
| 1. ኣስቴር ኣብ ሳዕሪ እንታይ ሪኣ? | 2. እቲ ሰብኣይ እንታይ ኢሉ መኺሩዋ? |
| 3. ኣስቴር ንምንታይ ደንጊፃ? | 4. ተመን እንታይ ሓደጋ የብፅሕ? |

## ቃላት

ኣብነት፡- ንህቢ = ይናኽስ 1. ኣድጊ 2. ሰብ 3. ድሙ

4. ብዕራይ 5. ዝብኢ

# 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ጉየየ ት | | ቍረፀት | |
| ተዛረበ ት | | ኣጕደት | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ዕትሮን ተመንን

| ሕቶታት መልሱ፡፡ | |
|---|---|
| 1. እቲ ሰብኣይ ንኣስቴር እንታይ ኢሉ ሓቲትዋ? | 2. ናይቲ ታሪኽ ተሳተፍቲ እንመን እዮም? |
| 3. ኣስቴር እንታይ ኢላ መለሰትሉ? | 4. ተመን ኣብ ምንታይ ይነብር? |

## ቃላት

**ስም ፀሓፉ፡፡**

1. 
2. 
3. 
4. 

## ፅሕፈት

**ፀሓፉ**

ጥቕምን ጉድኣትን እንስሳት ዘገዳም ፀሓፉ፡፡

## 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

**ፈሪሓ እተፍርሕ**

ሓሳዊት፣ ሃንደበት፣ ህድማ፣ ዘጋወሐት፣
ዳዕሮ፣ ተጨደደ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ሳዕ ሪ | | ነቍተ | |
| ዕት ሮ | | ጓይላ | |



## ዓርሰ ንባብ

### ረዘነ



ረዘነ :- እናበኸየ ናብ ገዛ ኣተወ::

ወይዘሮ ለምለም:- እንታይ ኾይንካ ረዘነ ወደይ?

ረዘነ:- ቡኺርያ በጊፅ ወሲዳትለይ::

ወይዘሮ ለምለም:- እንታይ እናሓለኻ?

ረዘነ:- እናተፃወትኩ ነይረ::

ወይዘሮ ለምለም:- ኣባጊፅኻኸ መን ገዲፍካለን?

ረዘነ:- በይነን ይበልዓ ነይረን::

ወይዘሮ ለምለም:- ኣንታ ዓሻ ስራሕኻ ገዲፍካ ትፃወት ፀኒሓ ንባዕልኻውን ክትወስደካ እያ:: ፅቡቕ ዲኻ ስሪሕኻ ሕዚ

ረዘነ:- ፅቡቕ ኣይገበርኩን ኣደይ ተጋግየ እየ::

ወይዘሮ ለምለም:- በል ካብ ሎሚ ከምኡ ከይትገብር::

ረዘነ:- እሺ ኣደይ ድሕሪ ሕዚ ሓለዋይ ገዲፈ ኣይፃወትን::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ረዘነ እንታይ ኮይኑ በኺዩ? | 3. በጊፅ ረዘነ ንምንታይ ተወሲዳ? |
| 2. ቡኺርያ እንታይ ወሲዳትሉ? | 4. ኣብቲ ታሪኽ ሓታቲ መን እዩ? |



## ቃላት

**መልኡ::**

ጐያይት፣ ገዝኡ፣ ፀጊበ፣ ስሓቐት

1. ሓጐስ ናብ __ ኣትዩ::
2. ብልፅ ውዒለ __::
3. ሂወት በቲ ነበረያ ነበረ __::
4. ቡኺርያ __ እያ::

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ደን ገ ፀት | | ቍልዒ | |
| ሃን ደ በት | | ህድማ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ረዘነ

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ኣዲኡ ንምንታይ ኮርየን? | 3. ቡኺርያ እንታይ ትበልፅ? |
| 2. እቲ ጓሳ መን ይበሃል? | 4. ተሳተፍቲ ታሪኽ ዘርዝሩ። |

## ቃላት

| ኣዛምዱ። | | |
|---|---|---|
| ሀ | | ለ |
| 1. ምሕላው | | ሀ. ተሰሓሓተ |
| 2. ምኽሪ | | ለ. ምቅላሕ |
| 3. ተጋጊየ | | ሐ. ምፍንፃሕ |
| 4. ምድንጋፅ | | መ. ምጉሳይ |
| 5. ምጭዳድ | | ረ. ምስንባድ |
| | | ሰ. ማዕዳ |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ናይቲ ምንባብ መልእኽቲ ብሓፂሩ ፀሓፉ።

## ምድማፅ

ንከናኸን



ቆስጣ፣ ሰላጣ፣
ኣራንሺ፣ እንቁላሊሕ፣
ጣዕሞት፣ ስጋ፣ ፀባ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| እን ስ ሳ | | ጣዕሞት | |
| ፍል ፍል | | ባሎንን | |

## ዓርሰንባብ

ኣይበላለፁን

| ፍረ ምረ | ጥረ ምረ | ቆፅላ መፅሊ |
|---|---|---|
|  |  |  |
|  |  |  |
|  | |  |

ገሊኦም ቆልዑ ስጋ ይፈትዉ። ገሊኦም ግና ኣይፈትዉን። እቲ ዘግርም ስጋ እንተ ዘይበሊያም ዝተመገቡ ዘይመስሎም ምህላዎም እዩ። ንስጋ ዝትክኡ ምግብታት ግና ኣለዉና። እዚኦም ዓተር ባሕሪ፣ ብርስንን ዝመሳሳሉን እዮም። ረብሓ ስጋን ዓተር ባሕርን ተመጣጣኒ እዩ።

ኩሎም ሰውነት ይሃንፁ። ስጋ ዝበልዐ ሰውነቱ ይህነፅ። ዓተር ባሕሪ ዝበልዐ እውን ሰውነቱ ይህነፅ። ስለዚ ክልቲኦም ተመጣጣኒ ረብሓ እዩ ዘለዎም።

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ንስጋ ዝትክኡ ኣየኖት እዮም? | 2. ዘገርም ዝተብሃለ እንታይ እዩ? |
| 3. ዓተር ባሕሪን ብርስንን ኣበይ ይምደቡ? | 4. ሃነፅቲ ሰውነት መነመን እዮም? |

## ቃላት

ቃል መስርቱ::




## 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ላሕሚ ታት | | ምሳሕና | |
| ፍረ ታት | | ፀባኺ | |



## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ኣይበላለፁን

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ምስ ስጋ ዝመጣጠኑ ካልኦት ምግብታት ዘርዝሩ። | 2. እትምገብዎ ዘርዝሩ። |
| 3. ካብቲ ፅሑፍ እንታይ ትመሃሩ? | |



## ቃላት

| ቃል መስርቱ። | | |
|---|---|---|
| ፀ | መ | ደ |
| ሓ | ሰ | ረ |
| ፊ | ለ | ቑ |



## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ደርሆ ንምንታይ ትጠቕም?

## 3ይ መዓልቲ



## ዳግም ምድማፅ

ንከናኸን



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ዝን በ | | ጥምቢ | |
| ገም በ | | ዕንቊ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ሃፍታማት ኢና



ብዙሓት ዓይነታት ምግቢ ኣለዉና:: በዚ ድማ ሃፍታማት ኢና:: ጥረምረ፣ ዘራእትን ፍረምረን ዝበሃሉ ኣለዉ:: እኽሊ ቅብኣት፣ ስጋን ፀባን ዝበሃሉ እውን ኣለዉና:: ካብዚኦም ገሊኦም ሃነፀቲ ሰውነት ገሊኦም ወሃብቲ ሓይሊ እዮም:: እቶም ካልኦት እውን ካብ ሕማም ይከላኸሉ:: ካብ ሃነፀቲ ሰውነት ስጋን ፀባን ምጥቃስ ይከኣል:: ካብ ወሃብቲ ሓይሊ ድማ መዓርን ሕምባሻን ኣለዉ:: ኣራንሺን ፓፓየን ድማ ኣብነታት ተኸላኸልቲ ሕማም እዮም::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. መዓርን ሕምባሻን ኣብ ምንታይ ይምደቡ? | 2. ተኸላኸልቲ ሕማም ዝበሃሉ ኣየኖት እዮም? |
| 3. ሃነፀቲ ሰውነት እንታይ እንታይ እዮም? | 4. እኽሊ ቅብኣት ዝበሃሉ ዘርዝሩ:: |

## ቃላት

ጉጅሉ::

| ሃነፀቲ ሰውነት | ወሃብቲ ሓይሊ | ተኸላኸልቲ ሕማም |
|---|---|---|

ዓተር፣ ሰላጣ፣ ድንሽ፣ እንቁላሊሕ፣ ማንጎ፣ ብርስን፣ ፀባ፣ ስጋ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ሱራ ሙር | | ጠለበጊፅ | |
| ቆፅላ መፅሊ | | ሓፂነመፂን | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ሃፍታማት ኢና

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ሃፍታማት ኢና ዝተብሃለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? | 2. ስጋ እምበር ፀባ ዘይንረኽበላ መን እያ? |
| 3. መዓር ካብ ምንታይ ንረክብ? | |

## ቃላት

| ብቕደም ስዓብ ስርዑ። |
|---|
| ሕቛን፣ ፀባ፣ ማጨባ፣ ርጉኦ |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ንምግብነት ንጥቀመሎም እንስሳት ዘቤት ዘርዝሩ።

## ምድማፅ



መርዓ መርዓ

| |
|---|
| ፃሕሊ፣ መጎጎ፣ መጉዲ፣ እንጀራ፣ ቡን፣ ጀበና፣ መኾስ፣ ፅንፀይቲ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ቀ ያሕ | | ሰንኪታ | |
| በ ራድ | | ምሕፃብ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ገዛና



ገዛና ፀባብ እያ:: መደቀሲ፣ ምግቢ መዳለውን መብልዕን ንሳ እያ:: ኣብታ ፀባብ ገዛ ኣቑሑ መሊኦም ኣለዉ:: ሽሓነን በራድን ተሰቒሎም ይረኣዩ:: ሽሓነ ምግቢ ንበልዓሉ፣ በራድ ድማ ሻሂ ነፍለሓሉ:: ኣብ መደርደሪ ብርጭቆ፣ ድስቲ፣ መኾስ ኣለዉ:: ኣቀማምጥኦም ደስ ይብለካ:: በቲ ብርጭቆ ማይ ንሰትየሉ:: በቲ ድስቲ ፀብሒ ንሰርሓሉ:: ብመኾስ ፀብሒ ነሕብረሉ:: ኣብ ፀግዒ ገዛ እቶን ኣሎ:: ምግቢ ንምብሳል ንጥቀመሉ::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ተሰቒሉ ዘሎ ኣቕሓ እንታይ እዩ? | 2. መሕበሪት ፀብሒ እንታይ ትበሃል? |
| 3. እታ ገዛ ከመይ ዝበለት እያ? | 4. ኣቑሑ ገዛ ዘርዝሩ:: |

## ቃላት

| ረብሕኦም ግለፁ:: | | |
|---|---|---|
| ኣብነት:- ጀበና - መፍልሒ ቡን | | |
| 1. መጎጎ | 2. መጕዲ | 3. ዋንጫ |
| 4. ፍንጃል | 5. መኾስ | |

# 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ከይ ተስአ | | ጀበናና | |
| ዝ ቐረበ | | ገዛኹም | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ገዛና

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ሻሂ ብምንታይ ተፍልሑ? | 2. ፀብሒ ብምንታይ ንሰርሕ? |
| 3. መልእኽቲ እቲ ፅሑፍ ግለፁ:: | |

## ቃላት

| ካብ ምንባብ መልኡ፡፡ |
| --- |
| 1. ገዛና ___ እያ፡፡<br>2. ሰፍኢ ሽሓነና ___ ኣሎ፡፡<br>3. ብ ___ማይ እሰቲ፡፡<br>4. ___ ፀብሒ ነሕብረሉ፡፡<br>5. ኣብ ፀግዒ ገዛና ___ ኣሎ፡፡ |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ብዛዕባ ገዛኹምን ኣቑሑ ገዛኹምን ፀሓፉ?

# 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

መርዓ መርዓ

| ምስንካት፣ ምቕላው፣ ምፅባሕ፣ ምቝራስ፣ ምልዋስ፣ መርዓመርዓ |
| --- |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
| --- | --- | --- | --- |
| ፀ ባብ | | ምእዝዝቲ | |
| እ ዝው ቲ | | መሓዙት | |



## ዓርሰ ንባብ

### እዝው በሪሁ



በሪሁ ተምሃራይ ካልኣይ ክፍሊ እዩ። ኣብ ዕረፍቲ ነዲኡ ይሕግዝ። ኣዲኡ ቡን እንተፍልሓ ንሱ ፍንጃል ይሓፅብ። ፀብሒ ኣብ ዘፍልሓሉ እዋን ኣቑሑ የቕርብ። መብልዒ ምግቢ ማንካ፣ ፋርኬታ፣ ይሓፅብ። ፀብሒ ዝስርሐሉ ድስቲ ብስርዓት ይኸድኖ። ብተግባሩ ኣዲኡ ይምርቖኦ። እዚ ኩሉ ካብ መሓዝኡ እዩ ተማሂሩዎ። ናይ እማን እዝው።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. በሪሁ ክንደይ ክፍሊ ይመሃር? | 2. ነዲኡ መኣዝ ይሕግዘን? |
| 3. ዝሓፅቦ ኣቕሓ እንታይ እዩ? | 4. ኣብ ዕረፍቲ ንወለድኹም እንታይ ትሕግዙ? |



## ቃላት

### ስሞም ፀሓፉ።











## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ት ሓ ፅብ | | መቕረቢ | |
| ት ኽ ደን | | መፍልሒ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### እዝው በሪሁ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. እዚ ታሪክ ናይ መን እዩ? | 2. በሪሁ እዝውና ካብ መን ተማሂሩ? |
| 3. በሪሁ እዝው ዝተብሃለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? | |

## ቃላት

| ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ:: | |
|---|---|
| ሀ | ለ |
| 1. እዝው | ሀ. መላሊሱ |
| 2. ኣቑሑ | ለ. ብሓቂ |
| 3. ደጋጊሙ | ሐ. ወሓለ |
| 4. መሓዛ | መ. ናውቲ |
| 5. ናይ እማን | ረ. ዓርኪ |

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ቆልዓ ኣብ ገዛ እንታይ እንታይ ይሰርሕ?

# ሰሙን 21

## ምድማፅ

### ዶክተር ፍሰሃ



ተኽሊ፣ ፍረምረ፣ ሓይሊወሃቢ፣
ውፅኢት ፀባ፣ ሃነፅቲ ክፍልታት ምግቢ፣
ሕቋን፣ ርጐኦ፣ ኣጅቦ፣ ጠሰሚ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ፍት ፍት | | ፓስታ | |
| ዶክ ተር | | ፀብሒ | |

## ዓርሰንባብ

### ከከም ዓቕምና

መዓር ፣ሕምባሻ ፣ ሓይሊ ወሃብቲ
ስጋ እንቁላሊሕ ሰውነት ሃነፅቲ።
ሙዝ ኣራንሺ ኩሎም ፍረምረ
እናዛነቕና ንብላዕ ኮላይ ጥረምረ።
ኣጅቦ ጠስሚ ማጨባ
ርጐኦ ዓውሶ ውፅኢት ፀባ።
ንመገቦም በቢ መዓልቱ
ከከም ዓቕምና ከም ኩነታቱ።
ሕማም ክርሕቕ ካባና
ተኽልታት ንብላዕ ካብ ገደናና
ምግቢ ንመገብ ኣመጣጢንና።



| ሕቶታት መልሱ ፡፡ | |
|---|---|
| 1. ወሃብቲ ሓይሊ ምግብታት ጥቕሱ፡፡ | 2. ኣርባዕተ ነጥቢ ኣብ ክንደይ ቦታ ኣሎ? |
| 3. እቲ ግጥሚ ክንደይ መስመር ኣለዎ? | 4. ውፅኢት ፀባ ዝበሃሉ እንታይ እንታይ እዮም? |

## ቃላት

ሓሪኹም መልኡ፡፡

| |
|---|
| ኣነ፣ ንስኻ፣ ንሱ፣ ንስኺ፣ ንሳ፣ |

| | |
|---|---|
| 1. ___ ምሸት ድራራ በሊዓ፡፡ | 4.___ ንሽማግለ ሓጊዝኪ፡፡ |
| 2. ___ ድቁስ ገይረ በሊዐ፡፡ | 5. ___ተሓጋጊዙ ኣፅኒዑ፡፡ |
| 3. ___ብትምህርትኻ ንፋዕ ኢኻ፡፡ | |

# 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ከይ ፈለጠ | | ንባዕሉ | |
| ምስ ፓስታ | | ዝተብሃለ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ከከም ዓቕምና

| ሕቶታት መልሱ ፡፡ | |
|---|---|
| 1. ከከም ዓቕምና ንመገብ እንታይ ማለት እዩ? | 2. ከይንሓምም እንታይ ክንገብር ይግባእ? |
| 3. ኣዛኒ ቕካ ምብላዕ ዘለዎ ረብሓ ግለፁ፡፡ | 4. መልእኽቲ እዚ ግጥሚ እንታይ እዩ? |

## ቃላት

ሓሪኹም ተክኡ፡፡

| ንሕና፣ ንሳተን፣ ንሳቶም፣ ንስኻትክን፣ ንስኻትኩም | |
|---|---|
| 1. ኣዛኒቖን በሊዐን | 2. ውፅኢት ፀባ መሪፆም |
| 3. ከም ዓቕምና ተመጊብና | 4. ተኸልታት ገደና ተኺልክን |
| 5. ብፍቕሪ ሓቢርኩም ንበሩ | |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

መልእኽቲ እቲ ምንባብ ብሓጺሩ ግለፁ፡፡

# 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

ዶክተር ፍሰሃ

| |
|---|
| መሓዙት፣ ለይቲ፣ ክፍሊ፣ ጠቢዋ፣ ዓብያ፣ ስብቆ፣ ሕክምና |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ክፍ ሊ | | ቀልጢፉ | |
| ምን ኣስ | | ስብቆ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ሓዲጋቶ ዓብያ





ተኽላይን ሮማንን መሓዙት እዮም:: ብሓንቲ ለይቲ ተወሊዶም:: ክልቲኦም ካልኣይ ክፍሊ ይመሃሩ:: ንዝረኣዮም ግና ተኽላይ ምንኣሳ እዩ ዝመስል:: ሮማን ፀባ ኣዲኣ ጠቢዋ ዓብያ:: ብተወሳኺ እውን እንቁላሊሕ፣ ስብቆን ዝመሳሰሉን ትምገብ:: በዚ ድማ ቀልጢፋ ዓብያ:: ተኽላይ ግና ተወሰኽቲ ምግብታት ኣይበልዕን:: ብጥጦ እዩ ዓብዩ:: ድሕሪኡ እውን ቅጫ ጥራሕ እዩ ዝበልዕ:: ብሰንኪ እዚይ ቀልጢፉ ኣይዓበየን:: ሮማን ሳላ ተወሳኺ ምግቢ ዝተመገበት ሓዲጋቶ ገዚፋ::

| ሓቂ ወይ ጌጋ በሉ :: | |
|---|---|
| 1. ተኽላይ ምንኣስ ሮማን እዩ:: | 2. ተኽላይ ስብቆ ይምገብ:: |
| 3. ሮማን ፀባ ኣደ ጠቢዋ ዓብያ:: | 4. ሮማን ንተኽላይ ቀዲማቶ ዓብያ:: |

## ቃላት

| ስርሑ:: | |
|---|---|
| ኣብነት:- ኣነ - እምገብ | |
| 1. ንሳ | 3. ንሳተን |
| 2. ንሱ | 4. ንስኻትኩም |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| መጋቢ ት | | ከማኻትኩም | |
| ሓራሲ ት | | በይናተን | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ሓዲጋቶ ዓብያ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ሮማንን ተኸላይን ክንደይ ክፍሊ እዮም? | 2. መኒኦም ረጕዶም ይረኣዩ? |
| 3. ሮማን ንምንታይ ዝተማልአ ጥዕና ሃሊዉዋ? | 4. ሮማን እትምገቦም ተወሰኽቲ ምግብታት ዘርዝሩ:: |

## ቃላት

| ቃላት መስርቱ:: | | | |
|---|---|---|---|
| ኣ | ጠ | ስ | ፀ |
| ሚ | ብ | ቅ | ጫ |
| ባ | ዋ | ቆ | ቃ |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ኣዛኒቕካ ምምጋብ ዘለዎ ረብሓ ግለፁ::



## ምድማፅ

### ተፈታዊ



ዓበይቲ ምኽባር፣ ምሕጋዝ፣ ምፍቓር፣
ምእዙዝ ምዃን፣ ምኽሪ ዘዳምፅ፣
ትፅግስቲ፣ ዝቕበል፣ ዝትግብር



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ዓ በይ ቲ | | ምኽሪ | |
| ም ሕ ጋዝ | | ሓገዝ | |



## ዓርሰ ንባብ

### ምርቓ



እነይ ስላስ ኣብ ፅርግያ ደው በላ።
ድምፂ ቆልዑ ሰምዓ። መንገዲ ገዝአን
ከምዝጠፍአን ተዛረብኦም። ዘይሰምዑ
መሲሎም እናሰሓቑ መንገዶም ቀፀሉ።
ሰናይት ነዘን ሽማግለ ብርሑቕ ረኣየተን።
ሓደጋ መኪና ከይገጥመን ጎይያ ሓዘተን።
ሰናይት፡- እነዋይ ናበይ እየን?
እነይ ስላስ፡- ንገዛይ እየዋ መኪና ፈሪሐ።
ሰናይት፡- እሞ እዙ ፅርግያ ዶ ከስግረን?
እነይ ስላስ፡- እሺኒ ዛጓለይ።
ሰናይት፡- ንኺድ ኢላ መሪሓ ኣስገረተን።
እነይ ስላስ፡- ተባረኺ፣ ምህሮኺ
ይግለፀልኪ። ኢለን መረቕኣ።

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. እነይ ስላስ ኣበይ ደው ኢለን? | 2. ናይ ምንታይ ድምፂ ሰሚዐን? |
| 3. ሰናይት እንታይ ዓይነት ቆልዓ እያ? | 4. ተመሪቕኩም ትፈልጡዶ? እንታይ ስለ ዝገበርኩም? |
| 5. እቶም ቆልዑ እንታይ ገይሮም? | |

## ቃላት

**ጕጅሉ::**

ዓበይቲ ምኽባር፣ ፈተና ምቕዳሕ፣ ምእዙዝ ምዃን፣ ባእሲ፣ ምስናይ፣ ምስራቕ፣ ምትሕግጋዝ::

| ፅቡቕ ስነ ምግባር | ሕማቕ ስነ ምግባር |
|---|---|

## 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ገዛ ይ | | ንኹሉም | |
| ምህሮ ኺ | | ዝረኣየ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ምርቓ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. እነይ ስላስ እንታይ ኢለን መሪቐናኣ? | 2. ናይቲ ታሪኽ ተዋሳእቲ መነመን እዮም? |
| 3. ናይቶም ቆልዑ ተግባር ፅቡቕ ዶ ሕማቕ? | 4. ሰናይት ናበይ ወሲዳተን? |
| 5. እዚ ተግባር ኣበይ ተፈፂሙ? | |

## ቃላት

**ባዶ ቦታ መልኡ።**

መኪና፣ ፅርግያ፣ ሓደጋ፣ ደሓኑ፣ ጎየየ

1. ቆልዑ ብማእኸል ___ ይኸዱ ነበሩ።
2. እናዋግዑ ከለዉ ___ መፂኣቶም።
3. ብርሑቕ ዝረኣየ ሰብኣይ ናብ ኣቶም___
4. ካብ ___ ከድሕኖም ፀግዒ ንክሕዙ ገበረ።
5. በዚ ድማ ካብ ሓደጋ ___።

## ፅሕፈት

**ፀሓፉ**

ቆልዓ ምእዙዝ እዩ ዝበሃል እንታይ እንትሰርሕ እዩ?

## 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

**ተፈታዊ**

ምክእኣል፣ ምትሕልላይ፣ ንኡስ፣ ዘረባ፣ ባእሲ፣ ምኽባር

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ምኽ ባር | | ዝለኣኽ | |
| ሰብ ኣይ | | ዝትግብር | |

## ዓርሰ ንባብ

### ኣያ ኣንበሳ



ቀደም እዩ። ሓንቲ ህበይ ኣብ በረኻ ምስ ደቃ ትነብር ነበረት። እዛ ህበይ ኣሪጋ ኣብ ገዛ ወዓለት። ምግቢ ባዕላ ክተምፅእ ኣይከኣለትን። ደቃ ግና ምእዙዛት ነበሩ። ብሓባር ምግብን ማይን የምፅኡላ። ሓደ እዋን ምግቢ ክምፅኡ ኣያ ኣንበሳ ረኸቦም። ጠጠው ክብሉ ኣዘዞም። ኣያ ኣንበሳ ከይበልዖም ፈርሑ። ንወለዱ ዝእዘዝ ከም ዘይበልዕ ነገሮም። ንሳቶም ድማ ኣመስጊኖም መንገዶም ቀፀሉ።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ህበይ ምስ መን ትነብር? | 2. ህበይ ንምንታይ ኣብ ገዛ ውዒላ? |
| 3. ምእዙዛት ዝተብሃሉ እንመን እዮም? | 4. ንምንታይ ምእዙዛት ተባሂሎም? |
| 5. ኣያ ኣንበሳ ኣበይ ረኺቡዎም? | |

## ቃላት

| ኣመዓራርዩ። | |
|---|---|
| 1. ትነብር በረኻ ህበይ ኣብ | 2. ቆልዑ ይግባእ ክእዘዙ ንወለዶም |
| 3. ምእዙዛት እዮም ደቂ ህበይ | 4. ኩሉ ይፈትዎ ቆልዓ ምእዙዝ |
| 5. ኣዘዞም ጠጠው ክብሉ ኣያ ኣንበሳ | |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ብ ትፅግስቲ | | ምስደቃ | |
| ተ ሓወሰ | | በብተራ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ኣያ ኣንበሳ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኣንበሳ ምስ ረኣዮም እንታይ ኢሉዎም? | 2. ኣንበሳ ንምንታይ እዩ ዘይበልዖም? |
| 3. ተሳተፍቲ እቲ ታሪኽ እንመን ይበሃሉ? | 4. ተሳተፍቲ እቲ ታሪኽ ኣበይ ይነብሩ? |
| 5. ንወለዲ ምእዙዝ ምኳን እንታይ ይጠቅም? | |

## ቃላት

**ለውጡ::**

| ኣብነት፦ ዝብኢ- ኣዛብእ | |
|---|---|
| 1. ቃውጭ- | 2. ወላዲ- |
| 3. መኪና- | 4. ኣድጊ- |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ተሓጋጊዝካ ምፅናዕ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

## ምድማፅ

ኣብነታዊ



| |
|---|
| መሓዛ፣ ሰነያ፣ ፍቕሪ፣ ሓልዮት፣ምትሕግጋዝ ትዕግስቲ፣ ፀገም |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ስ ኡን | | ትዕግስቲ | |
| ሓል ዮት | | መሓዙት | |

## ዓርሰንባብ

### ገዛ ንስራሕ



ኣብ ሓደ ዓዲ ዝነብሩ ሓሙሽተ ሰባት ነይሮም:: እቶም ኣርባዕተ ናይ ባዕሎም ገዛ ኣለዎም:: እቲ ሓደ ግና ኣብ ክራይ እዩ ዝነብር:: ኩሎም ሓዱሽ ገዛ ንስራሕ በሉ:: በበይኖም ሰሪሖም ክውድኡ ተፀገሙ:: ብጉጅለ ክሰርሑ ተረዳድኡ:: መጀመርታ ነቲ ኣብ ክራይ ዝነብር ሰርሑሉ:: ብከምዚ ኣገባብ ብሕብረት ሰሪሖም ወድኡ::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. እቶም ሰባት ክንደይ እዮም? | 2. ኣብ ክራይ ዝነብሩ ክንደይ እዮም? |
| 3. ንምንታይ ብሓባር ይሰርሑ? | |

## ቃላት

| | | ቃል መስርቱ:: | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. ለጉጅ | 2. ሽሓዱ | 3. ትሕረብ | 4. መዛሓ | 5. ትልዮሓ |

# 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ገንዘብ ና | | ዕባራታት | |
| ከተማ ታት | | ሓቲቱዎ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ገዛ ንስራሕ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. መጀመርታ ናይ መን ሰሪሖም? | 2. ብውልቀ ዶ ወይስ ብሓባር ምስራሕ ይሓይሽ? |
| 3. ብውልቀ ምስራሕ እንታይ ፀገም ኣለዎ? | |

## ቃላት

ኣቃንዑ።

1. ይግበኣና ንዓበይቲ ምኽባር
2. ወሰኑ ተምሃሮ ክመሃሩ
3. መፅሓፍ ሃይላይ ገዚኡ
4. ሓቲቶሙዎ ወለዱ ንባህራን
5. ተመሪቑ መሓሪ ብወለዱ

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ተሓጋጊዝካ ምስራሕ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

# 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

ኣብነታዊ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ሓ ረ ጋት | | መንበረይ | |
| ኣር ባዕ ተ | | ኩላትና | |

## ዓርሰ ንባብ



### ቀኒአ

ነጃት፣ ሕልፍትን ስምኦንን ኣብ ዕረፍቲ ተራኺቦም። ወግዖም ብኸምዚ ጀመሩ።

ነጃት፡- ስምኦን ሓወይ

ስምኦን፡- ኣቤት!

ነጃት፡- መንበር ክፍልኹም ውሑድ እዩ ሓቀይ?

ስምኦን፡- እወ።

ነጃት፡- ከመይ ኢሉ ድኣ ይኣኽለኩም?

ስምኦን፡- ተሓላሊፍና ንቕመጠሉ።

ሕልፍቲ፡-እወ እማኑ ፅግፅግዕ ኢልና ንቕመጥ።

ነጃት፡- ክፍልኹም ከ መን ይፀርጎ?

ስምኦን፡- ኩላትና በብተራ።

ነጃት፡- ደስ ትብሉ። ብምትሕልላይኩም ቀኒአ።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. እቶም ቆልዑ መኣዝ ተራኺቦም? | 2. ሓታቲ መን እዩ? |
| 3. መለስቲ መነመን እዮም? | 4. እቲ ሕቶ ብዛዕባ እንታይ ነይሩ? |

## ቃላት

### ሓሪኹም መልኡ።

1. መሓዛይ እያ። (ንሱ፣ ንሳ፣ ንሳተን)
2. ኣብነት ተኸቲልና (ንሳተን፣ ንስኻትኩም ንሕና)
3. ዝነኣድ ፍቕሪ ኣለዎም። (ንሕና፣ንሳተን፣ ንሳቶም)
4. ተሳኒኹም ተምሃሩ (ንሶም፣ ንስኻትኩም፣ ኣነ)
5. ምትሕግጋዝ ፍተዋ (ንስኻትክን፣ ንሳተን፣ ንስኺ)

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ምፍቃር ና | | ልኢኽላ | |
| ሓጋዚ ኡ | | መኽበሪተይ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ቀኒአ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ተሳተፍቲ እቲ ታሪኽ መነመን እዮም? | 2. ኣበይ ቦታ ተፈፂሙ? |
| 3. ንስኻትኩም ኣብ ክፍሊ ከመይ ትቕመጡ? | 4. ነጃት መወዳእታ እንታይ ኢላ? |

## ቃላት

**ለውጡ::**

1. ኣነ ዕጉስ እየ:: (ንሕና) ንሕና ዕጉሳት ኢና::
2. ንሱ ንፉዕ ተምሃራይ ኮይኑ:: (ንሳቶም)
3. ተምሃሪት ንመሓዛኣ ሓጊዛ:: (ንሳተን)
4. እተን ቆልዑ ክዳነን ሓፂበን:: (ንሳኻትኩም)

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ናውቲ ትምህርቲ ከመይ ትከናኸኑ?

## ምድማፅ

### ቆልዓ ብንኡሱ

ስሰዐ፣ ቂም፣ ቅንኢ፣ ስርቂ፣
ሓሶት፣ ፈተና፣ ምቕዳሕ



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ፍር ዲ | | ኣውረዩ | |
| ፖ ሊስ | | ዘውደቑ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ሰብኣይ ጫጪሖም



ሓደ ሰብኣይ ንሰበይቶም ሓንቲ እንቁላሊሕ ከምዘውደቑ ነገሩወን:: ንሰን እውን ንመሓዝአን ሰብኣየን ሰለስተ እንቁላሊሕ ምውዳቖም ነገርአን:: ቀፂለን እተን መሓዝአን ዓሰርተ ክልተ ዘውደቑ ምኳኖም ንኻሊእ ሰብ ነገራ:: ኣብ መወዳእታ ድማ ሓደ ሰብኣይ እንቁላሊሕ ምጭጫሖም ኣውረዩ:: ብዙሓት ሰባት ክሪኡዎም መፁ:: እዚ ሰብ ክንደይ ከምዝሕሱ ክዕዘቡ ዝፈጠርዎ እዩ:: ብትኽክል ከምዘይጫጭሑ ንኹሎም ተዛረብዎም:: እናወሰኹ ብምዝራቦም ኩሎም ሓሰውቲ ምኳኖም ገለፁሎም::

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. እቶም ሰብኣይ ክንደይ እንቁላሊሕ ኣውዲቖ ኢሎም? | 2. እተን ሰበይቲ ክንደይ እንቁላሊሕ ኣውዲቐም ኢለንኣን? |
| 3. መሓዝኣን ከ ክንደይ ኢለን ነጊረን? | 4. ናይቲ ወረ መወዳእታ እንታይ ዝብል ኮይኑ? |

## ቃላት

**ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ።**

ሀ

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 1. መሓዛ | 2. ምጭጫሕ | 3. ምፍራድ | 4. ምንሳሕ | 5. ይጥቀማሉ | 6. ንፉዕ |

ለ

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ. ምጥዓስ | ለ. ልዋ | ሐ. ምውሳን | መ. ምፍልፋል |
| ረ. ኣዳኖ | ሰ. ይግልገላሉ | ሸ. ምምስካር | |

# 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ብ ፍርዲ | | ተቐይማቶ | |
| ን ኻልኦት | | ቀኒሉላ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ሰብኣይ ጫጪሖም

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. እቶም ሰብኣይ ንምንታይ እንቁላሊሕ ኣውዲቖ ኢሎም? | 2. ተሳተፍቲ እቲ ታሪኽ መነመን እዮም? |
| 3. እንቁላሊሕ እተውድቐ መን እያ? | 4. እቶም በዓል ታሪኽ ሓሳዊ ድዮም ኣይኮኑን? |

## ቃላት

| ብቕደም ሰዓብ ሰርዑ፡፡ |
|---|
| ምሕቛፍ፣ ምሕቓቕ፣ ምውዳቕ፣ ምጭጫሕ፣ ምቕቃይ |

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ዝሕሱ ሰብ እንታይ ይኸውን?

# 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

### ቆልዓ ብንኡሱ

ሕንቁቕ፣ ፍርዲ፣ ዳኛ፣ እስራት፣ ፖሊስ፣ ጥሪት

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ሰ ላም | | ጫጪሖም | |
| ምን ባር | | ተምሃረ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ቂም ወሪሳ



ወለዲ ሓዳስ ስኒት ኣይነበሮምን፡፡ ብሰንኪ እዙይ ተፋቲሖም፡፡ ኣብ መንገዲ እንትራኸቡ ሰላም ኣይበሃሉን፡፡ ሓዳስ ፍቕሪ ኣቦ ስኢና ምስ ኣዲኣ ትነብር፡፡ በዚ ድማ ካብ

ወለዳ ቂም እናተምሃረት ዓብያ:: ብንእሽተይ ነገር ትቕየም:: ምስ መሓዙታ እንተ ተባኢሳ ዕርቂ ትኣቢ፤ በዚይ ምኽንያት ኩሎም መሓዙታ ይፀልኡዋ:: መሓዛ ዘይብላ ኮይና:: ሓዳስ ሕማቕ ነገር ወሪሳ::

| ሓቂ ወይ ጌጋ በሉ:: | |
|---|---|
| 1. ወለዲ ሓዳስ ብፍቕሪ ኣይነብሩን:: | 2. ሓዳስ ሕማቕ ነገር እናረኣየት ዓብያ |
| 3. ሰኣን ሰላም ተፋቲሖም:: | 4. ንሓዳስ ዘቐይማ ዓብዪ ነገር ጥራሕ እዩ:: |
| 5. ሓዳስ ምስ ኣቦኣን ኣዲኣን ትነብር:: | |

## ቃላት

| ለውጡ:: | |
|---|---|
| ኣብነት:- ዓበየት - ምዕባይ | 1. ተምሃረት ___ |
| 2. ተቐየመት ___ | 3. ሰኣነት ___ |
| 4. ተፋትሑ ___ | 5. ተባኣሰት ___ |

## 4ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ብ ምዝራብ | | 1. ብገርሂ | |
| ን ሰበይቲ | | 2. ዝፈጠሩ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ቂም ወሪሳ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ሓዳስ ንምንታይ መሓዛ ስኢና? | 2. ሓዳስ ካብ ወለዳ እንታይ ወሪሳ? |
| 3. ሓዳስ ተቐያሚት ክትኮን ዝገበራ እንታይ እዩ? | 4. ናይዚ ፅሑፍ መልእኽቲ እንታይ እዩ? |

## ቃላት

### መልኡ::




## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ኣብ ፈተና ምቅድዳሕ ንምንታይ እዩ ነውሪ ኮይኑ?

## ምድማፅ

### ባህልና



ጭራዋጣ፣ እምብልታ፣ ፀናፅል፣ ከበሮ፣ ክራር፣ መለኸት፣ ዕንድርፋፃ፣ ነጋሪት፣ ድቤ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ክ ራር | | ኣርቃይ | |
| በ ገ ና | | ቆርበት | |

## ዓርሰ ንባብ

### ዘይምኖ



ኩዳ መለለይ ባህልና እዩ። ኩዳ ዘይብሉ ጓይላ የለን። ቃሕ ዝብል ባህሊ እዩ። ወቓዕቲ ከበሮ እናዘለሉ ይወቕዑ። ወቓዒ ጭራ እውን እናደረፈ ጭርኡ ይወቅዕ። ክልተ ሰለስተ ዝኾኑ ሰባት እምብልታ ይነፍሑ። ኣፃብዕቶም ናብ እዝኖም ገይሮም ብስምዒት ይወዛወዙ። ዝተፈላለዩ ባህላዊ መሳርሕታት ኣለዉና። በዚም መሳርሕታት ሙዚቃ ኩዳና ይደምቕ። ዘይምኖ መቐረት እውን ኣለዎ።

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. መለለዪ ባህሊ ዝተብሃለ እንታይ እዩ? | 2. ኩዳ መኣዝ ይፅወት? |
| 3. ኣብ ኩዳ ዝህልዉ ተሳተፍቲ ዘርዝሩ? | 4. ክራር ካብ ምንታይ ይስራሕ? |



## ቃላት

| ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ:: | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ | | | |
| 1. ኩዳ | 2. ረጊጎም | 3. ቃሕታ | 4. መቐረት |
| ለ | | | |
| ሀ. ባህታ | ለ. ትልሂት | ሐ. ጣዕሚ | መ. ተሰሪዖም |
| ረ. ዘይፅገብ | ሰ. ዝላ | | |

## 2ይ መዓልቲ



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ጭራ ዋጣ | | ዘላሊት | |
| ጭራ ፈረስ | | ተልሃይት | |



## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ዘይምኖ

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ወቃዒ ጭራዋጣ እንታይ ይሰርሕ? | 2. እምብልታ ከመይ ይፅወት? |
| 3. ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ኣብ ምንታይ ንጥቀመሉም? | 4. እትፈልጥዎም ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ዘርዝሩ:: |

## ቃላት

| ምሉእ ሓሳብ ሀነፁ:: | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. ቀርኒ | 2. ሙዚቃ | 3. ባህላዊ | 4. መሳርሒ | 5. ብስምዒት |

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ጭራዋጣ ንምድላው እንታይ እንታይ የድሊ?

## 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

### ባህልና

ጅማት፣ ስልኪ፣ ሓፂን፣ ነሓስ፣ ዕንፀይቲ፣
ቆርበት፣ ሸምበቆ፣ ኣርቃይ፣ ጭራፈረስ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| መስ ጊድ | | ክውደስ | |
| ማህ ሌት | | የጥዕመላ | |

# ዓርሰ ንባብ

## ክብርና



ኣብ መሳጊድ - ድቤ ምስ መንዙማ
ነጋሪት ኣብ ማህሌት - ያሬዳዊ ዜማ።
በቢሃይማኖትካ - ንጎይታ ክውደስ
ጥዑም እዩ ወትሩ - ኣቤት ክብለካ ደስ።
ከበሮ ዲም ክብል - ኣብቲ ዕምቡር ጓይላ
ክራርና ክትስማዕ - እወ የጥዕመላ።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ክብርና ዝተብሃሉ እንታይ እንታይ እዮም? | 2. ዲም ዝብል ድምጺ ዘስምዕ እንታይ እዩ? |
| 3. ነጋሪት ንምንታይ የገልግል? | 4. ድቤ ንምንታይ የገልግል? |
| 5. ጓይላ ብምንታይ ይደምቕ? | |

# ቃላት

ኣዛምዱ።

"ሀ"

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. መዝሙር | 2. ኩዳ | 3. እምብልታ | 4. ከበሮ | 5. ጭራዋጣ |

"ለ"

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ሀ. ደርዲሩ | ለ. ነፊሑ | ሐ. ኣኹዲዱ | መ. ወቒዑ | ረ. ዋጥዩ | ሰ. ዘሚሩ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ኢድ ካ | | ከበሮይ | |
| ሃይማኖት ኪ | | መለኸትና | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ክብርና

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ደስ ዝብል ዝተብሃለ እንታይ እዩ? | 2. የጥዕመላ ዝተብሃለት እንታይ እያ? |
| 3. ድቤ ዝወቅዕ ወዲ ድዩ ጓል? | 4. ናይቲ ፅሑፍ መልእክቲ ግለፁ:: |

## ቃላት

| ምሉእ ሓሳብ ሀነፁ:: | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. ማህሌት | 2. መንዙማ | 3. ዕምቡር | 4. መርዓ | 5. ዳስና |

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

በዓላት ክርስትያንን ሙስሊምን ዘርዝሩ::

## ምድማፅ

ጉማየ



ጉማየ፣ ባህሊ፣ ደጋፊ፣ ፈኸራ፣
ወደሳ፣ ኣውሎ፣ ማሰ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ካባ ኺ | | ተቐላቒለኪ | |
| ፅወየ ላ | | በዲላትካ | |

## ዓርሰ ንባብ



ወደሳ

ገፊሕ ዳስ ተሰሪሑ:: ፃዕዳ ዝተኸደነ ሰብ መሊእዎ ኣሎ:: ኩሉ ተሓጕሱ ንወለዲ መርዓት ብምውዳስ

ኣንቲ እምበይተይ ክንደይ
ፅሚቑኪ ኢኺ፣
ክንደይ ፅሚቑኪ ኢኺ ይፅወሎ ብኣኺ::
ኣንታ ጎይታይ ክንደይ ሓሪስካ ኢኻ::
ክንደይ ሓሪስካ ኢኻ ይፅወሎ ብኣኻ::
እምበይተየ ስዋ ድዩ ኣረቂ፣ ይፅወያና ሓቂ::
እምበይተይ ስዋ ድዩ ሜስየ፣ ገሪሙኒ ኣነስየ::
እናበሉ መርዓ ትርሓስ ኣዐምቢሮሙዎ::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. እቲ መርዓ ናይ መን እዩ? | 2. ክንደይ ፅሚቕሊ ዝተብሃለት መን እያ? |
| 3. ክንደይ ሓሪስካ ዝተብሃለ መን እዩ? | 4. መርዓ ኣበይ ተገይሩ? |

## ቃላት

ኣዛምዱ::

"ሀ"

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ፀለሎ | ዝመፀሉ | ጓሳ | በደል | ገብረ | ድፍለ |

"ለ"

| | | |
|---|---|---|
| ሀ. ሓላዊ | ለ. ፈጊመ | ሐ. ዝርሕቕ |
| መ. ሕመት | ረ. ጥፍኣት | ሰ. ድቀላቐሎ |

## 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ዓምቢሩ ሎም | | ለዊስኪዮ | |
| መልክፀ ኸን | | ሓሪስኪዮ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ወደሳ

| ሕቶታት መልሱ፡፡ | |
|---|---|
| 1. መን ወዲሱ? | 2. ወደሳ መን ተቐቢሉ? |
| 3. ተሳተፍቲ እቲ ታሪኽ መነመን እዮም፡፡ | 4. መርዓ ትርሓስ ብምንታይ ዓምቢሩ? |

## ቃላት

ምሉእ ሓሳብ ህነፁ፡፡

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ባህላዊ | 2. ጉማየ | 3. ወዲሳ | 4. ፈኪሩ |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ባህላዊ ግጥሚ ሆየ ሆየ ፀሓፉ፡፡

## 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

ጉማየ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ፀ ሚቖ ኪ | | ፈትያ | |
| እም በይ ተይ | | ምድራፍ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ፈኸራ

ቱታ ቱታ ቱታ
ከውሒ እየ ዘይፍለፅ
ዕረ እየ ዘይምወፅ
ረመፅ እየ ዘይርገፅ፡፡
ምሳይ ዝሓመሰ ናብ ባሕሩ
ምሳይ ዝተደረረ ፆሙ ምሕዳሩ
ምሳይ ዝተቓለሰ ናብ ምድሩ፡፡
በለ እዚ ወዲ ዚ



| ሕቶታት መልሱ፡፡ | |
|---|---|
| 1. ዘይፍለፅ እንታይ እዩ? | 2. ዘይምወፅ ዝበሎ እንታይ እዩ? |
| 3. ምስኡ ዝሓመሰ እንታይ ይኸውን? | |

## ቃላት

**ለውጡ፡፡**

አብነት ደሪፍካ = ደሪፍኩም

| | | |
|---|---|---|
| 1. ተደሪርካ | 3. መዊፅካ | 5. ሓዲርካ |
| 2. ፈሊፅካ | 4. ረጊፅካ | |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ዘይ ፈለፀ | | ብውዳሰ | |
| ከይ መወፀ | | ዝተልሃዩ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ፈኸራ

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ምስ ፈካሪ ዝተቓለስ እንታይ ይኸውን? | 2. እቲ ፈካሪ ስጋስ ድዩ ስሱዕ? |
| 3. ፈኸራ ኣበይ ይካየድ? | |

## ቃላት

| ለውጡ። | |
|---|---|
| ኣብነት ተቓሊስኪ - ተቓሊስክን | |
| 1. ፈኪርኪ | 2. ኣውዲቕኪ |
| 3. ሓሚስኪ | 4. መሪሕኪ |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ኣብ መርዓ ዝድረፍ ደርፊ ፀሓፉ።

## ምድማፅ

### ሁራ



| ትልሂት፣ ኣውርስ፣ |
|---|
| እስትሂና፣ ሁራ፣ ሕምብጣ፣ |
| ሕምባዛ፣ ሕፍተይ፣ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ኣው ርስ | | ሕምባዛ | |
| እስ ት ሂ ና | | ሕፍተይ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ኣውርስ



ኣውርስ ባህላዊ ፀዋታ እዩ:: እዚ ፀዋታ ኣብ ተምቤን ይዝውተር:: ዕድመን ፆታን ከይፈለየ ኩሉ ይፃወቶ:: ብዙሓት ክቢ ሰሪሖም እናጣቕዑ ይደርፉ:: ሓደ ከበሮ ይወቅዕ :: ጓል ብሕምብጣ ወዲ ብዝላ ይፃወትዎ:: ሓደ ደኺሙ ብኻሊእ ንኽትካእ ተወረሰ ይብሃል:: ንጓል ጓል ንወዲ ወዲ ይትክኡ:: በዚ መልክዕ ፀዋታ ይቕፅል:: እታ ጓል ሓምባጢት፣ እቲ ወዲ ዘላሊ ይበሃሉ::

| ሕቶታት መልሱ ። | |
|---|---|
| 1. ኣውርስ መን ይፃወቶ? | 2. ጓል እንታይ ትገብር? |
| 3. ወዲ እንታይ ይገብር? | 4. ኣውርስ መኣዝ ይፅወት? |
| 5. ኣውርስ ካብ ሁራ ብምንታይ ይፍለ? | |

## ቃላት

ኣቃንዑ።

| | | |
|---|---|---|
| 1. ታወፀ | 3. ሊባህ | 5. ጣብሕም |
| 2. ሮከበ | 4. ስኣውር | 6. እናሂስቲ |

## 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ብ ወግዒ | | ንፅድመ | |
| ን ፅርቂ | | ብተግባር | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

ኣውርስ

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ኣውርስ ኣበይ ከባቢ ይዘውተር? | 2. ሓደ ደኺሙ በኻሊእ ንኽትካእ እንታይ ይበሃል? |
| 3. እቲ ዝዘልል ወዲ እንታይ ይበሃል? | 4. እታ ትሕምብጥ ጓል እንታይ ትበሃል? |
| 5. ብፅሒት ኣብ ኣውርስ ዝሳተፉ ኣካላት ግለፁ። | |

## ቃላት

ኣቃንዑ።

| | |
|---|---|
| 1. ከበሮ ወቒዓ ትርሓስ | 2. ሓምቢጣ በይና ኣልማዝ |
| 3. ኣይፈልን ዕድመን ፆታን | 4. ዘሊሉ ኣብ ኣውርስ ገብረ |
| 5. ተፃዊቶም ሃናን ሓጎስን | |

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

እትፈትውዎ ባህላዊ ፀዋታ መሪፅኩም ፀሓፉ።

# 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

### ሁራ

ፀዋታ፣ ኣክቲክቲ፣ በዓል ኣድጊ፣ በዓል ፈረስ፣ ኰሓልኒ፣ ጣስምኒ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ተም ቤን | | ጣስምኒ | |
| ዝው ቱር | | ኰሓልኒ | |

## ዓርሰ ንባብ

### እስትሂና



ሰሚራን ሊድያን ፊት ንፊት እናዘለላ
እስትሂና ላሎይ ላሎየ
እስትሂና ላሎይ ላሎየ
እስትሂና ጓል ኣቦይ ቀሺ ኣባዲ
እስትሂና መገነ ኣንዲድኪ ዕበዲ።
እስትሂና ጓል ኣቦይ ቀሺ ግርማየ
እስትሂና መገነ አንዲዳ ንማየ።
እናበላ ፀኒሐን። ቅፅል ኣቢለን ድማ
ኣክትክቲ ክቲ፣ኣደዋየ ክቲ፣ ኲሓልኒ
ክቲ፣ ጣስምኒ ክቲ፣ በዓል ኣድጊ ክቲ፣
ክሓድገኒ ክቲ፣ በዓል ፈረስ ክቲ፣ ክወሰደኒ ክቲ፣ ናይሎን ናይሎንየ ሎምስ
ክዓብዳ ኢለንየ። እናበላ ይፃወታ።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ሰሚራን ሊድያን እንታይ ተፃዊተን? | 4. እዚ ፀዋታ መን ይፃወቶ? |
| 2. ክወስደኒ ዝበልኦ ንመን እዩ? | 5. ክሓድገኒ ዝበልኦ ንመን እዩ? |
| 3. ቀዳማይ ፀዋታ ብምንታይ ተወዲኡ? | |

## ቃላት

**ለውጡ።**

| ኣብነት፡- ተፃወተት - ፀወታ | 2. ኲሓለት- | 4. ሓምበጠት- |
|---|---|---|
| 1. ጣሰመት- | 3. ዘለለት- | 5. ደረፈት- |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ፀጊሐ ን | | ቃርሳኹም | |
| ዓበደ ት | | ያህለላና | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### እስትሂና

| ዝጎደለ ምልኡ:: |
|---|
| ኣክትክቲ __ |
| በዓል ኣድጊ __ |
| በዓል ፈረስ __ |
| ናይሎን ናይሎንየ __ |

## ቃላት

| ምረፁ:: |
|---|
| 1. ወይዘሮ ሃና __:: (ደረፉ፣ ደሪፎም፣ ደሪፊን) |
| 2. ኣቦይ ሓጎሰ __ :: (ዘሊሉ፣ ዘሊለን፣ ዘሊሎም) |
| 3. መንእሰይ የማነ __:: (ተፃዊቱ፣ ተፃዊታ፣ ተፃዊቶም) |
| 4. ትርሓስ ጉማየ __:: (ኢሉ፣ ኢላ፣ ኢለን) |
| 5. እተን ቆልዑ ኩሕሊ __:: (ተኺሒለን፣ተኺሒላ፣ተኳሒሎም) |

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ዲሞይ ዳዲሞይ ዝብል ፀዋታ ፀሓፉ::

## ምድማፅ

### ዓወት ዓድዋ

ዓወት፣ ወራር፣ ጣልያን፣
ጦርነት፣ ጅግንነት፣ ሽንፈት



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | |
|---|---|
| ስዕ ረት | |
| መድ ፍዕ | |

| ነፅሉ | |
|---|---|
| ትምህርቲ | |
| ማይጨው | |

## ዓርሰ ንባብ

### ሓዱሽ ዓመት



ሓደ መስከረም መለወጢ ዘበን እዩ። እዚ በብዓመቱ ይኸበር። እዚ በዓል እዚ ሓዱሽ ዓመት እንቕበለሉ ዕለት እዩ። በዚ ድማ ኩሉ የኽብሮ። ዕምበባታትን ልሙዕ ሳዕርን ኣብዚ ወቕቲ ደሚቖም ይረኣዩ። ሓዱሽ ዓመት ትምህርቲ ዝጅመረሉ እዋን እውን እዩ። ብሓፈሻ ሓዱሽ ዓመት ብዙሓት ሓደሽቲ ነገራት ዝረኣዩሉ እዩ። በዚ ድማ ፍሉይን ድሙቕን ኮይኑ ይኸበር።

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ዘበን መለወጢ መኣዝ እዩ? | 2. ዘበን መለወጢ መን የኽብሮ? |
| 3. ኣብ ሓደ መስከረም እንታይ ይኽበር? | 4. ዕምበባታት ደሚቖም ዝረኣዩ መኣዝ እዩ? |



## ቃላት

**ስሞም ፀሓፉ።**







# 2ይ መዓልቲ



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ሽንፈት ኩም | | ጉራደይ | |
| ውግእ ና | | ዋልታኻ | |



## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ሓዱሽ ዓመት

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ትምህርቲ መኣዝ ወርሒ ይጅመር? | 2. ሓዱሽ ዓመት ንምንታይ እዩ ድሙቕ ኮይኑ ዝኽበር? |

## ቃላት

| ምሉእ ሓሳብ ህነፁ:: | | |
|---|---|---|
| 1. ዘበን | 3. ሓዱሽ | 5. ልሙዕ |
| 2. በዓል | 4. ሃገር | |

## ፅሕፈት

ፀሓፉ

ምስ ወራሪ ጣልያን ውግእ ዝተኻየደሎም ዓድታት ዘርዝሩ::

## 3ይ መዓልቲ

## ዳግም ምድማፅ

ዓወት ዓድዋ

ስዕረት፣ መድፍዕ፣ ሰይፊ፣ ጉራደ፣ ታሪኽ፣ ውግእ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ሸንፈት ኩም | | ጒራደይ | |
| ውግእ ና | | ዋልታኻ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ሓድነትና

ደርጊ ዝብሃል ጨቋኒ ስርዓት ነይሩ:: ኣብቲ ስርዓት ሰላም ኣይነበረን:: ኩሉ ህዝቢ ማዕረ ኣይረኣይን ዝነበረ:: ህዝቢ ተቓሊሱ ግን ንደርጊ ስዒሩዎ:: ድሕሪኡ ኩሉ ህዝቢ ማዕረ ኮይኑ:: ኦሮሞ፣ ትግራዋይ፣ ኣምሓራይን ካልኦትን ማዕረ ኮይኖም:: ኩሉ ብፍቕሪ ይነብር ኣሎ:: ማዕርነት ብሄር ብሄረ ሰባት ተረጋጊፁ:: በዚ ምኽንያት 29 ሕዳር፣ መዓልቲ ብሄር ብሄረ ሰባት ተባሂሉ ይኽበር ኣሎ::



| ሓቂ ወይ ጌጋ በሉ:: | |
|---|---|
| 1. ደርጊ ጨቋኒ ነይሩ:: | 2. ኣብ ደርጊ ማዕርነት ኣይነበረን:: |
| 3. ንደርጊ ዝሰዓሮ ህዝቢ እዩ:: | |

## ቃላት

| ብቕደም ስዓብ ስርዑ:: | |
|---|---|
| 1. ህዝቢ ንማዕርነቱ ተቓሊሱ:: | 2. መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባት ኣኽቢሩ:: |
| 3. ደርጊ ንህዝቢ ጨቍኑ:: | 4. ማዕርነቱ ኣረጋጊፁ:: |
| 5. ብቓልሱ ንደርጊ ስዒሩዎ:: | |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፀሉ | |
|---|---|---|---|
| ይ ኽበር | | ዝሰዓሩ | |
| ብ ፍቕሪ | | ብጉራደ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ሓድነትና

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ህዝቢ ማዕረ ዝኾነ መኣዝ እዩ? | 2. ድሕሪ ውደቀት ደርጊ እንታይ ተረጋጊፁ? |
| 3. 29 ሕዳር ናይ መን በዓል እዩ? | |

## ቃላት

| ኣቃንዑ:: |
|---|
| 1. ወሪሩ ንሃገርና ጣልያን |
| 2. በፂሕዎ ስዕረት ከቢድ ፀላኢ |
| 3. ህዝቢ ማዕረ ኩሉ እዩ |
| 4. ወለድና ተዋጊኦም ብሰይፊ |
| 5. ዓድዋ ዓወት ተኸቢሩ |

## ፅሕፈት

**ፀሓፉ**

ዓወት ዓድዋ ኣብ ዝብል ርእሲ ንዘሎ ስእሊ ተዓዚብኩም ዝተረዳእኹምዎ ብፅሑፍ ግለፁ::

## ምድማፅ

ጃን ተማሪኹ



| |
|---|
| መስቀል፣ ጥምቀት፣ ልደት፣ ሆየሆየ፣ ትሃብክን፣ ዒድ፣ መውሊድ፣ ዓረፋ |

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ል ደት | | ሙባረክ | |
| መስ ቀል | | ኣልኣድሓ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ደስ ይብል



ፃዕዳ ዝተኸደነ ሰብ ብበዝሒ ይረኣይ:: ኣደታት ጥልፊ፣ ዙርያ ተኸዲነን:: መናእሰይ ባህላውን ዘበናውን ክዳን ተኸዲኖም:: ህፃናት ብፃዕዳ ክዳን ዕምበባ መሲሎም:: ምስ ወለዶም ናብዚ ናብቲ እንትብሉ የጥዕመሎም::

እዚ ኣብ ሃይማኖታዊ በዓል ልሙድ እዩ:: መስቀል፣ ጥምቀት፣ ዒድ፣ ዓረፋ፣ ልደት፣ መውሊድ ደሚቖም ይረኣዩ::ባህላዊ ክዳንና ደስ ይብል::

| ሕቶታት መልሱ። | |
|---|---|
| 1. ዝበዝሕ ሰብ እንታይ ተኸዲኑ? | 2. ኣደታት እንታይ ተኸዲነን? |
| 3. ዘበናዊ ክዳን መን ተኸዲኑ? | 4. ፅምበባ ዝመስሉ ኣየኖት እዮም? |

## ቃላት

| መልኡ። |
|---|
| ተደነቐ፣ ስራሕ፣ ጣልያናዊ፣ ተቐመጡ፣ ፈተዉዎ፣ ነገሮም |
| 1. ጀን ___ እዩ። |
| 2. ብምኽንያት ___ መፂኡ። |
| 3. ብባህሊ ሃገርና ___። |
| 4. ዝረኣዮ ኩሉ ንስድርኡ ___። |
| 5. ስድርኡ ነቲ ባህሊ ___። |
| 6. ሓቢሮም ኣብ ኢትዮጵያ ___። |

# 2ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ግዘ ኦም | | ፃዕዳታት | |
| ገዛ ኡ | | ፀወታኹም | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ደስ ይብል

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. በዓላት እስልምና እንታይ እንታይ እዮም? | 2. በዓላት ክርስትና እንታይ እንታይ እዮም? |
| 3. ካብቲ ምንባብ እንታይ ተማሂርኩም? | |

## ቃላት

| ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ:: | |
|---|---|
| ሀ | ለ |
| 1. ምፍታው | ሀ. ዓምቢሩ |
| 2. ተደነቐ | ለ. ምፍቓር |
| 3. ተገንዘበ | ሐ. ስሓብቲ |
| 4. ማረኽቲ | መ. ተረድአ |
| 5. ደሚቑ | ረ. ተገረመ |

## ፅሕፈት





**ፀሓፉ**

ነቲ ስእሊ ተዓዚብኩም ዝተረድኣኩም ብፅሑፍ ግለፁ::

## ዳግም ምድማፅ

### ጃን ተማሪኹ

ጣልያናዊ፣ ኢትዮጵያ፣ ፈረንጂ፣ ኣከባብራ፣ ማራኺ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ድም ቀት | | ጣልያን | |
| ሓል ዮም | | ፋሲካ | |

## ዓርሰ ንባብ

### ትሃብክን



ብዙሓት ባህላዊ በዓላት ኣለዉ:: ትሃብክን ካብቶም ብዙሓት ሓደ እዩ:: ትሃብክን ብኣብዝሓ ኣብ ልደት እዩ ዝበሃል:: ውርውራይ በትሪ ሒዝካ ብጉጅለ ብምኳን ይፅወት:: ገዛ ገዛ እናዘርካ ትሃብክን ትሃብክን ማርያም ትሃብክን:: ኣብታ ጎፍላ ዘላ ንዓና ትበላ:: ኣብታ ፃሕሊ ዘላ ንኸልቢ ትበላ:: ንዓመታ ወዲ ምሳና ዝቑንዲ ንዓመታ ጓልየ ምሳና ጕልጓልየ:: እናበልካ ይድረፍ:: ሰብ ገዛ ድማ ሕምባሻ ገንዘብ ዝመሳሰሉ ውህብቶ ይህቡ::

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኣብዚ ምንባብ ዘሎ ባህላዊ ፀዋታ እንታይ እዩ? | 2. እቲ ዝተጠቐሰ ባህላዊ ፀዋታ መኣዝ ይፅወት? |
| 3. ትሃብክን ብኸመይ ይፅወት? | |

## ቃላት

| ኣቃንዑ:: | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. ቀልመስ | 2. ርዩኣዐ | 3. ዚቡተዓ | 4. ጉሰተሓ | 5. ሊድመው |

# 4ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ብ ኢድ | | እናመሃረ | |
| ምስ ሓሰበ | | ብሃንቀውታ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ትሃብክን

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኣብ ፀዋታ ትሃብክን እንታይ ይወሃበካ? | 2. ውህብቶ መን ይህበካ? |
| 3. ካሊእ እትፈልጥዎ ባህላዊ ፀዋታ ግለፁ:: | |

## ቃላት

| ምሉእ ሓሳብ ህነፁ:: | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. ጻጉሜን | 2. ዓረፋ | 3. ሃይማኖት | 4. ሆየሆየ | 5. በዓላት |

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ኣብ በዓል ማርያም ግንቦትን ዓረፋን ዝግበሩ ፍፃመታት ፀሓፉ::



## ምድማፅ

ደቂ ኣሸንዳ



ኣሸንዳ፣ ወደሳ፣ ኵሕሊ፣ ቁኖ፣ ሽልማት



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ኣ ሸን ዳ | | መፅብዓ | |
| ክ ፃ ወት | | ክብረት | |



## ዓርሰ ንባብ

ከጥዕመለን

  

ቆልዑ ኣሸንዳ መልከዐኛታት እየን። ካብ ርእሰን ክሳብ እግረን ገይፂ ኣለወን። ካብቶም ገይፅታት ሓደ ቁኖ እዩ። ኣልባሶ፣ ጋመ ዓረብ፣ ሳዱላን ተለላን ይቑነና። ኣብ ክሳደን መስቀል፣ ዝብጠ፣ ሕንቆ፣ ማርዳ ዕንቍን ማዕተብን ይኣስራ። ኣብ እዝነን ኵትሻ ይገብራ። ኣብ ማዕጡቐአን ኣሸንዳ ይዕጠቓ። ኣብ ዓይነን ኵሕሊ ተኺሒለን እንትረኣያ ደስ ይብላ።

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ቆልዑ ኣሸንዳ ከመይ ዝበላ እየን? | 2. ካብ ርእሰን ክሳብ እግረን እንታይ ኣለወን? |
| 3. ኣብ ክሳደን እንታይ ይኣስራ? | |

## ቃላት

ምስ ስሞም ኣዛምዱ::

| “ሀ” | | |
|---|---|---|
| 1.  | 2.  | 3.  |
| 4.  | 5.  | |

| “ለ” | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ሀ. ኵትሻ | ለ. መስቀል | ሐ. ማርዳ | መ. ዕንቍ | ሰ. ድኮት |

## 2ይ መዓልቲ

### ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ይተ ሓወሳ | | ብበራዉር | |
| ከይ ንፃወት | | እናሓዛ | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ከጥዕመለን

| ሕቶታት መልሱ:: | |
|---|---|
| 1. ኣብ ማዕጡቐአን እንታይ ይገብራ? | 2. ኣብ ዓይነን እንታይ ይገብራ? |
| 3. ዓይነት ቁኖ ዘርዝሩ:: | |

## ቃላት

**መልኡ::**

1. ኣቦይ ቀሺየ __
2. ዕምበብ ከይዳ ዓዳ ሰኣን __
3. ኣሸንዳ ሓሊፉ ብዝባን __
4. ዋይ ኣነ ዋይ አነ ቅድም __
5. ከደት ከደት __ ዕምበብ ከደት::

## ፅሒፈት

**ፀሓፉ**

እትፈልጥዎ ደርፊ ኣሸንዳ ፀሓፉ::



## ዳግም ምድማፅ

### ደቂ ኣሸንዳ

| |
|---|
| ኣልባሶ፣ ጋመ ዓረብ፣ ተለላ፣ መስቀል፣ ዝብጦ፣ ሕንቆ፣ ማርዳ፣ ፅንቍ፣ ማፅተብ፣ ሳዱላ |



## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፃሉ | |
|---|---|---|---|
| ኣል ባ ሶ | | ዝብጦ | |
| ሕን ቆ | | ሕዛብ | |



## ዓርሰ ንባብ

### ምድላዋት



ቆልዑ ኣሸንዳ ብዙሕ ምድላው ይገብሩ:: ኣቐዲመን ክዳንን ካልኦት መጋየፅትን የዳልዋ:: እዚ ብግዝኢት ወይ ብለበሳ ይረኽብኦ:: ለበሳ ካብ ዘመድ ወይ ጎረቤት ብልቓሕ ምውሳድ ማለት እዩ:: ቀጺለን ዝተፈላለየ ዓይነት ቁኖ ይቑነና:: ኣብ መወዳእታ በረኻ ከይደን ቆፀሊ ኣሽንዳ የምፅኣ:: ረቢበን ኣብ ርሑስ ቦታ የቐምጣኦ:: እዚ ከይነቅፅ ዝገብርኦ ሜላ እዩ:: እዚኦም ኩሎም ቅድሚ ኣሸንዳ ዝግበሩ ምድላዋት እዮም::

| ሕቶታት መልሱ፡፡ | |
|---|---|
| 1. ምድላው ዝገብራ መን እየን? | 2. ክዳን ካበይ የምፅኣ? |
| 3. እንታይ እንታይ ምድላው ይገብራ? | 4. ካብ በረኻ እንታይ የምፅኣ? |

## ቃላት

| ዝሰማማዕ መልኡ፡፡ | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ዓይኒ | ኣሽንዳ | ለበሳ | እዝኒ | ዓረብ |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. ቆልዑ - | 2. ጋመ - | 3. ኩትሻ - | 4. ኩሕሊ - | 5. ክዳን |

## 4ይ መዓልቲ

## ምጥማር/ ምንፃል

| ጥመሩ | | ነፅሉ | |
|---|---|---|---|
| ኮሪዐ ሉ | | ረቢበን | |
| ኩሒለ ን | | ቀዲመክን | |

## ዳግም ዓርሰ ንባብ

### ምድላዋት

| ሕቶታት መልሱ፡፡ | |
|---|---|
| 1. እቲ ካብ በረኻ ዘምፅእኦ እንታይ ይገብርኦ? | 2. ምድላው ኣሽንዳ መኣዝ ይግበር? |
| 3. ከይነቅፅ ኣበይ የቐምጣኦ? | 4. እዚ ምንባብ ብዛዕባ እንታይ ይገልፅ? |

## ቃላት

| ብቐደም ሰዓብ ስርዑ። | | |
|---|---|---|
| 1. መወዳእታ ተዓሪቐን | 3. ኣጋይፀን ወፂአን | 5. ብሓባር ተፃዊተን |
| 2. መፅብዓ ኣኪበን | 4. ብጉጅለ ተፃሪፈን | |

## ፅሕፈት

### ፀሓፉ

ቆልዑ ኣሽንዳ መፅባዓአን ምስተውሃባ እንታይ እናበላ ይደርፋ?

# ማህደረ ቃላት

- ቦፌ
- ሽፋይ ሳእኒ
- ካባ
- ቱታ
- ሳፌታ
- ጥብቆ
- ጋወን
- ላጺስ
- ምልጋብ
- ኰተመ
- ኣብኲሮም
- ኵልዒ
- ኳሌታ
- ስጕዲ
- ቆፎ
- ሓዂራ
- ሰቖረ
- ቍልዒ
- ንዳእቲ
- ምልቍ
- ጥሒሉ
- ጭልቃ
- ታህሶስ
- ዓበቕ
- ደንበ
- ኵስሚ
- ሰጕምቲ
- ለኺዂቶ
- መዃሪጉ
- ባርዕ
- ማጨባ
- ዓውሶ
- ጫጪሓም
- ኵዳ
- ፊዶ
- ወደሳ
- ባህላዊ ክዳን ራያ
- ባህላዊ ሳእኒ ራያ
- መርዑ ዝኽደኑዎ ባህላዊ ገይዒ
- ክዳን ስራሕ፥ መግለፂ ፈኸራ
- ሰፋይ ክዳን
- ካብ ጀዲድ ዝተሰርሐ ክዳን ቆልዓ
- መምህራን/ ሓካይም ዝኽደኑዎ ፃዕዳ ጨርቂ
- መደምሰስ
- ምድራዕ/ ምስፋይ
- ጀመረ/ ምልክት ገበረ
- ተሪፎም
- ድፍድፍ/ ጎምዞ
- ክሳድ ሸሚዝ
- ጉስጢት
- መቐመጢ እኽሊ
- ደይባ
- በስዐ
- ፍላይ ሓዊ/ ዕንቋል
- ሕቖፊ
- ፍታል ጡጥ
- ሰጢሙ/ ጠሊቑ
- ጭላቖ
- ዓይነት ኦም
- ሓፊው/ ሸሑር
- መሕደሪ ከፍቲ/ ጌር
- ንግደት/ ዓመቱ
- ብእግሪ ዝንቀሳቐሱ
- ጡብን መንፈርን ዘለዋ እንስሳ
- በዝጕሉ
- ሓዊ
- ብራሕ
- ሕቛን
- ፈልፈሎም/ ጫቖት ምውፃእ
- ትልሂት
- ቁምጣ/ ሓፂር ስረ
- ምስጋና